# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.158 ቀዳም 2 መጋቢት 2024 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 2
"ዋእ. . ."



ገጽ 3
ኣዱሊስ - ማዕከን ተበርበሩ ዘይውዳእ ጥንታዊ ኣሰራት



ገጽ 4
ተሓዳሲ መብጽዓ

ገጽ 7
'ዕፋን' ልዑል ሽውሃት ፎስፎረስ ከምዘለዎ ተፈሊጡ



ገጽ 11
ቅነ ስፖርት ኣዚ ተወርዋሪ ሓይሊ ተኸፊቱ




## ኣስመራ - ኣብ ኣፋዊ ስነ-ግጥሚ ብሄረ ትግረ ዓውደ-ዘተ ይቃናዕ ኣሎ

ዓውደዘተ ኣፋዊ ስነግጥሚ ብሄረ ትግረ፡ "ብዮግጥሚ ምምላስ - ልቦና ምኽልላስ" ንዝብል ሓሳብ ማእከል ጌይሩ፡ ትማሊ 1 መጋቢት ኣብ ኣስመራ - ሆቴል ኣስመራ ፓላስ ተኸፊቱ።

ኣቦ'ቲ ሚኒስተራትን ኣመሓደርቲ ዞባታትን ዝርከብዎም ላዕለዎት ሰብ-መዚ መንግስትን ግንባርን ከምኡ'ውን ካብ ዝተፈላለያ ዞባታትን ትካላትን ዝተዋጸኡ ዕዱማት ዝተረኽቡሉ መኽፈቲ ስነ-ስርዓት፡ ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ፡ እቲ ዓውደ-ዘተ መቐጸልታ ናይ'ቲ ሃብታም ባህላዊ ወርሻ ብሄራትና ክጸናዕ፡ ክሰንድን ክንጸብረቐን ዝሰላሰል ዕቱብ ዕማም ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ነቲ "ሓድነት ኣብ ብዙሕነት" ዝብል ሃገራዊ እምነት ብግብሪ ከምዘመስክር ገሊጹ።

እቲ ዓውደዘተ፡ ንኣፋዊ ስነግጥሚ ብሄረ ትግረ ዝውክል፡ ካብ ብርክት ዝበሉ በሃልትን ተባህለ በሃልትን፡ ስነ-ጥበበኛታትን ተረኽብትን፡ ጸሓፍቲ፡ ኣፍልጦ ያታዊ ባህሊ ዘለዎምን ካልኦትን ዝተኣከበ፡ ንወለዶታት ክሰጋገር ዝጸንሐ - ንሽግራውኑት፡ ጅግንነት፡ መጎብር፡ ፍቕሪ፡ ስነምግባርን ዕዮን ዝገልጹን ዘንጸባርቑን 500 ገጻት ዝሓዘ - ንዓመታት ዝተጻዕረሉ መጽሓፍ ንምስንዳእ ንዘቖየድ ዘሎ ጻዕሪ፡ ብዝሰፍሐ ተሳታፍነት ናይ መወዳእታ መልክዕ ንምትሓዝ ዝዓለመ ከምዝኾነ ኣረዲኡ።

ኣቦ'ቲ ብስነ-ጥበባዊ ትሕዝቶ ዝማዕረገ ኣጋጣሚ፡ ኣብ ምድላው ናይ'ቲ "ግምጃ ወለዶታት" ብዝብል ኣርእስቲ ዝተኣከበ ኣፋዊ ግጥምታት ዘሰናድአ ኣቶ መሓመድ-ሰዒድ ዑስማን፡ ከምኡ'ውን ጸሓፊን ተመራማሪ ባህልን ኣቶ ሰለሙን ጸሃየ፡ ኣብ ዝተኻየደ ጻዕሪ፡ ኣብ መስርሕ ዘጋጠሙ ብደሆታት፡ ከምኡ'ውን ኣብ ዝቐረበ ወጽኢት መጽናዕቲ መብርሂ ኣቕሪቦም።

ዓውደዘተ ኣፋዊ ስነግጥሚ ብሄረ ትግረ፡ ክሳብ ጽባሕ 3 መጋቢት ክቕጽል እዩ።





## ፎሮ - ኣብ ብዝሒን ዝርጋሐን ኣብያተ-ትምህርቲ ዕብየት ተመዝጊቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ ፎሮ፡ ኣብ ቁጽሪን ዝርጋሐን ኣብያተ-ትምህርቲ ድሑን ዕብየት ይምዝገብ ከምዘሎ፡ ሓላፊ ኣብያተ-ትምህርቲ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር እስማዒል ዓሊ ገሊጹ።

ብ24 ሰኑቲት ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ፡ ዝርጋሐ ኣብያተ-ትምህርቲ ክሳብ ዝረሓቐ ከባቢታት ንምብጻሕ ብዕቱብ ከምእተሰርሐ፣ ኣብ መወዳእታ ወርሒ ነሓሰ 2023 ብሓደጋ ህቦብላ ዝዓነዎ ሓሙሽተ ኣብያተ-ትምህርቲ - ብምትሕብባር ሓይሊ ኣየር፡ ሓይሊ ባሕሪ፡ ምምሕዳር ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕርን ህዝብን ከምእተጸገኑ ሓቢሩ።

ኣብ ቀዳማይ ሰሚስተር ዓመተ-ትምህርቲ 2023/2024፡ ተሳትፎ ተመሃሮ ኣብ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ብ12 ሚእታዊት፣ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ብ33 ሚእታዊት፣ መጠን ምሕላፍ ደማ ብ5.7 ሚእታዊት ክብ ከምዝበለ፡ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ግን እቲ ተሳትፎ ብ4.5 ሚእታዊት ከምዝጐደለ ኣረዲኡ።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ መምህር ረሺድ መሓመድ ዑስማን፡ ኣንዳሰነት መዋእለ-ህጻናት ኣብ መስረተ-ትምህርቲ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ ቁልዑ ቅድሚ ናይ መባእታ ትምህርቲ ምጅማሮም፡ በቲ መስርሕ ንኽሓልፉ ጻዕረታት ክሕየል ኣተሓሳሲቡ።

ተሳተፍቲ፡ ስሉሳዊ ዝምድና ወለዲ፡ ተመሃሮን መምህራንን ክድልደል፣ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ንምሕያል ብወህደት ክዕየ፣ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ዝርአ ዘሎ ምንቅልቃል ተሳትፎ ተመሃሮ ፍታሕ ክርከበሉ፣ ብጡራት መምህራን ክውገዱ፣ ተሳትፎ ደቂ-ኣንስትዮ ንምብራኽ ብዕቱብ ክሰራሕ፣ ኣብ ምምሕዳራት ከባ. ሮብሮብያን ዑመር-ቓብረን ኣብያተ-ትምህርቲ 2ይ ደረጃ ክኽፈታ. . . ዝብል ርእይቶታት ኣቕሪቦም።



## ተጋዳላይ መሓሪ ዓንደሚካኤል ተሰዊኡ

ኣባል ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዞባ ማእከል - ጉዳም ተጋዳላይ መሓሪ ዓንደሚካኤል ወልዱ፡ ብ29 ለካቲት ኣብ መበል 72 ዓመት ዕድመኡ ብሕማም ተሰዊኡ።



ኣብ 1975 ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ፡ ኣብ 1977 ናብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዝተጸንበረን ተጋዳላይ መሓሪ፡ ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት ተመዲቡ ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ እዩ።

ስውእ መሓሪ ዓንደሚካኤል፡ በዓል ሓዳርን ኣቦ 6 ደቂን እዩ።

ስነ-ስርዓት ቀብሩ ትማሊ 1 መጋቢት ፍርቂ መዓልቲ፡ ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዞባ ማእከል፡ ብሞት ኣቲ ጉዳም ተጋዳላይ መሓሪ ዓንደሚካኤል ወልዱ ዝተሰምዖ ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራ-ቤቱን መቓልስቱን "ጽንዓት ይሃብኩም" ኢሉ።

# ኣዱሊስ - ማዕከን ተበርቢሩ ዘይውዳእ ጥንታዊ ኣሰራት

መርሃዊ ገብረሚካኤል

ኣዱሊስ፡ ጥንታዊት ወደባዊት ከተማ ኰይና፡ ካብ ከተማ ፎሮ ንሰሜናዊ ምብራቕ - ኣብ ናይ ሸዱሽተ ኪሎ-ሜተር ርሕቀት ተደኲና ትርከብ። እዛ ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ንኡስ ዞባ ፎሮ እትርከብ ጥንታዊት ወደብ፡ ቅድሚ ኣሽሓት ዓመታት ወደብ ኰይና ተገልግል ዝነበረት እያ። ብፍላይ ኣብቲ ንግስነት ኣኽሱም ኣብ ዝለዓለ ጥርዙ ዝበጽሓሉ ዘመን (ኣብ መንጎ 4ይን 5ይን ዘመን)፡ ኣዱሊስ ኣብ ንግዳዊ ልውውጥ ናይ'ዚ ዞባ ልዑል ግደ ነበራ።



ዶክተር ኣብርሃም ዘርኣይ

ኣዱሊስ፡ ኣብ መንጎ ነብርቲ ገማግም ባሕርን ካብ ከበሳ ባሕሪ ወጸእ ኢሎም መቐበሮም ዝመርሑ ህዝቢ ከበሳን ከም መራኸቢ ድንድል ኰይና ዘገልገለት ወደብ እያ። ብዘይካ'ዚ፡ ምስ ካልኦት ሃገራት ብንግዲ ካብን ናብን ንዘለኣኹ ዝበሩ ጥረ-ነገራትን ማዕድናትን ከም ቀንዲ መተሓላለፊት መስመር ኰይና ኣገልገላ እያ።

ብመሰረት ጽሑፋት፡ ኣዱሊስ ዋላ'ኳ "ኣብ 1840 ብኣላይነት ኣብ ኤርትራ ዝበሩ ሺግናዩደን ፔቲትን ዝተባህሉ ፈረንሳውያን ሚስዮናውያን ዝተረኽበትን ዝተዳህሰሰትን ወደባዊት ከተማ እያ" ዝብሉ ምንጪታት እንተለው፡ እቲ ሓቂስ ሀንሪ ሳልት ዝተባህለ ተመራማሪ እዩ ንፈለማ ግዜ - ኣብ 1810 ኑታ ጥንታዊት ሰፍራ ዳህሲሱዋ። ካብቲ እዋን'ቲ ኣትሒዙ ክሳብ ሎሚ ዝቐጸለ ዘሎ ብኤርትራውያንን ኢጣልያውያንን ክኢላታት ዝተኻየደ ኩዕታን ዳህሳስን ከኣ፡ ብዙሓት ጥንታውያንን ታሪኻውያንን ቅርሲታት ክርከቡዎ ክኢሎም ኣለው።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ 1868 ሃጼ ቴዎድሮስ ናይ ኢትዮጵያ ኣንጻር እንግሊዛውያን ተቓውሞ ድሕሪ ምርኣዩ ኑቲ ተቓውሞ ንምውጋድ ብጀነራል ናፒር ዝምራሕ ሰራዊት እንግሊዝ ካብ ህንዲ ተበጊሱ ብኣዱሊስ ኣቢሉ ናብ ኢትዮጵያ ከምዝተሓለፈ ይንገር። ኣብቲ ግዜ'ቲ ከኣ፡ ጀነራል ናፒር ኣብ ወደባዊት ከተማ ኣዱሊስ ኩዕታ ከምዝተኻየደ መዛግብቲ ታሪኽ የመልክቱ። ጀነራል ናፒር፡ ድሕሪ'ቲ ስዉፍልጡታዊ ብዘይኩነ ኣገባብ ንእግረ-መንገዱ ዘካየዶን ኣብኡ ዝረኸቦን ጥንታውያን ኣሰራት፡ ብኡ ንብኡ ናብ ቤተ መዘክር እንግሊዝ ከም ዝለኣኾ መዛግብቲ ታሪኽ የረድኣ።

ኣብ ታሪኽ ስዉኩዕታ ጥንታዊት ኣዱሊስ፡ ንፈለማ ግዜ ስዉፍልጡታዊ ኣገባብ ተኸቲሉ ዳህሳስ ዘካየደ ተመራማሪ - ኣብ 1906 ሪቻርድ ሳንደስትሮም ዝተባህለ ክኢላ እዩ። ሳንደስትሮም ብሰሜናዊ ወገን ኣዱሊስ እዩ ዳህሳስ ኣካይዱ። ኣብቲ ዘካየዶ ኩዕታ ድማ፡ ኑቲ ዝዓበየ ትሕተ-ቅርጺ ኣዱሊስን ከፊላዊ ናይ ንግስነት ኣኽሱም ምፍናም ዝተረጋገጹ ሳዕቤንም ክርከብ ክኣሉ። ድሒሩ ኢጣልያዊ ተመራማሪ ሱጥንቲ ርበርቶ ፓሪበኒ፡ ምስ'ቲ ሳንደስትሮም ዝረኸቦ ርኽቦታት ዝመሳሰል ብዙሓት ጥንታውያን ኣሰራት ረኺቡ። ብዘይካ'ዚ፡ ጥንታውያን ዓታኑ፡ ካብ ወሽመጥ ኣቓባ የርዳኖስ ዝመጽኡ ክኾኑ ከምዝኽእሉ ዝተገመቱ ነቢት ዝሕዙ - ኣብ ጥንታዊ ግሪኽ ብዝበዝሒ ዝዘውተሩ ዝበሩ ዓቢን ጨላቕን ቅርጺ ዝበርዎም ጸቡቡቲ ዓታኑ ረኺቡ እዩ።

ኣብ'ቲ ብድሕሪኡ ዝቐጸለ 50 ዓመታት፡ ኣዱሊስ ዝኾነ ናይ ኩዕታን ዳህሳስን ንጥፈታት ከይተኻየደላ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ 1961-1962 ብዘመነ ሃይለ ስላሰ ዝምወል ፈረንሳዊ ተመራማሪ ፍራንስስ ኣንፍረይ ኩዕታ ከኪይደላ ጀመረ። ኣንፍረይ ኣብቲ ናይ ኩዕታ ምርምሩ፡ ካብ'ቶም ቅድሚኡ ምርምር ዘካየዱ ተመራመርቲ ፍልይ ዝበለ ርኽቦታት ክረኽብ ኣይከኣለን። እኳ ደኣ ብኣንጻሩ ኣብ ትሕተ-ቅርጺን ስዉጥንታዊ ኣሰራትን ኣዱሊስ ዕንወት ብዝሰዓበ ኣገባብ እዩ ኑቲ ዳህሳስ ኣካይዱዎ። ኑየም ኣብቲ ግዜ'ቲ ዝረኸቦም ቅርሲታት ከኣ፡ ናብ ቤተ-መዘክር ኢትዮጵያ የርክቦም ከምዝነበረ ይፍለጥ።

ኣብዚ ግዜ'ዚ፡ ኣዱሊስ ንታሪኻዊ፡ ባህላዊ፡ ቁጠባዊን ፖለቲካዊን ንጥፈታት ነሮቲ ዘመልክቱ ብዙሓት ኣሰራት እናተረኽብዋ ትኸይድ ዘላ ጥንታዊት ወደብ እያ።

ክፍሊ ጋዜጣ - ሚኒስትሪ ዜና፡ ዝሓለፈ ሰሙን ኑቲ ዝተኻየድ ዘሎ ናይ ዳህሳስ ንጥፈታት ንምዕዛብ፡ ናብ'ታ ወደባዊት ከተማ ኣቦኡ ልኢኹ ነይሩ። በዚ መሰረት፡ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ - ኑቲ ብኢጣልያውያንን ኤርትራውያንን ክኢላታት ዝተኻየድ ዘሎ ዳህሳስን ውጽኢቱን ተዓዚባን ኑየም ክኢላታት ተወኪሳን ዝረኸበቶ ሓበሬታ፡ ናጣቕዕም ተብሎ ኣላ - ሰናይ ንባብ።

ካብ ከምሸን ባህሊን ስፖርትን ጨንፈር ምርምር ስዉጥንታዊ ወርሻ ዝኾነ ዶክተር ኣብርሃም ዘርኣይ፡ ሓደ ካብ'ቶም ኣብ ኣዱሊስ ምርምር ዘካይዱ ዘለው ክኢላታት ስዉጥንቲን ስዉሰብን እዩ። ብዛዕባ ኣዱሊስን ዝተኻየድ ዘሎ ንጥፈታትን ዝሃቦ ሓበሬታ እነሆ። "40 ሄክታር ስፍሓት እትውንን ኣዱሊስ፡ ክሳብ 1500 ዓመታት ዝዝርጋሕ ስልጣኔ ዝነበራ ከተማ እያ። ኣዱሊስ ኣብ 1ይ መዋእል ቅድሚ ልደተ-ክርስቶስ ከም ቖመት ድሕሪ ምምዕባላ፡ ክሳብ 8ይ መዋእል ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ምስ'ቲ ዝተኻየደ ዝነበረ ንግዲ ግዙኣታ ኮይ ጸልዋ ከተስፋሕፍሕ ተራእያ።

"ኣዱሊስ ወደብ እያ ነይራ፡ ኣብ'ዚ ግዜ እዚ ግን፡ እቲ ባሕሪ ካብ'ዛ ጥንታዊት ወደብ ኣዝዩ ርሒቑ ኣሎ። ብመሰረት ጽሑፋት፡ ናይ ሰለስተ ኪሎ-ሜተር ጥራይ ርሕቀት ዝነበሮ ባሕሪ፡ ኣብ'ዚ ግዜ እዚ ብኸልተ ኪሎ ሜተር ወሲኹ ንረኽቦ፡ ንኣውን ኣዚያ ዓንያን ብፍርስራስ ሓመድ ተደቢያን ትርከብ። ሓፈሻዊ ኣቀማምጣ ኣዱሊስ ብስዉጥንታዊን ታሪኻዊን መዳዩ ኣገዳሲ ቦታ እዩ። ኣዱሊስ ክበሃል እንከሎ፡ ብልምዲ ወዳባዊት ከተማ ምንባራ ብዙሓት ናይ ታሪኽ መጻሕፍቲ የመልክቱ እየም። እንተኾነ ኣዱሊስ ክንጽር'ቲ ዝውረያላን ዝበሃላን ኣዝዩ ብሉጽ ስዉጥንታዊን ታሪኻዊን ትሕዝቶ ዘለዋ ከተማ ምንባራ ዘመልክቱ - ብዙሓት ኣሰራት እናተረኽበዋ ይመጽኡ ኣለው። ስልጣኔ ኣዱሊስ ካብ ባሕሪ ወጸእ ኢሉ ዝማዕበለ እዩ።



"እዛ ብበዙሓት መጉበቲ ማርሳታት ተኸቢባ እትርከብ ሰፍራ፡ ካብ ባሕሪ ሓሙሽተ ኪሎ ሜተር ርሒቓ እያ ዘላ። ኣዱሊስ በዚ ሎሚ ሒዛቶ ዘላ ኣቃውማ ጥራይ ርኢኻ - ከም'ዚ ነይራ ክትብል ዘድፍር ኣይኮነን። ቅድሚ ኣማኢት ዓመታት ዝነበረ ቅርጺ ኣቃውማኣ ዝ ሎሚ ሒዛቶን በጺሓቶን ዘላ ደረጃታት ዝወቅል ኮነ ዝገልጽ ክኸውን ኣይክእልን እዩ። ምኽንያቱ፡ ናይ ሎሚ ኣዱሊስ ዘይከም እዚ ሕጂ ዘሎቶ ካብ ባሕሪ እምብዛ ዝረሓቐት ኣይኰነትን ነይራ። በዚ መዳይ እዚ'ዩ ድማ - ኣዱሊስ ወዳባዊት ከተማ ዝበላ እንተኾይኑ ካብ ባሕሪ ዝጋገን ርሕቐት ክህልዋ ዘይትጸበ ታዊ ዝኸውን።

"በዚ ሎሚ ወኒናቶ ዘላ ቅርጺ ኣቀውማ፡ ኣዱሊስ ምስቲ ብመዋጉበቲ ታሪኽ ዝዕለለላ ዘመሳስላ ብዙሓት ኣሰራት እኳ እንተሃለወዋ፡ ንደጋዊ ትርኢታ ብምጥማት ከምዚን ከምቲን ኢልካ ክትፈርድ ግና ኣሸጋሪ ይኹነር። እዚ ዝኾነሉ ቀንዲ ምኽንያት፡ ኣዱሊስ ዝተፈላለዩ ባህራውያን ሓደጋታት ብዙበዝሒ ኣብ ዝረኣየሉ ከባቢ ተደኲና ስለ እትርከብ እዩ። በዚ መሰረት፡ እቲ ናይ ቅድም ኣቃውማኣ ብቀጥታዊ ሓደጋ ምንቅጥቃጥ መሬት፡ ካብ ኣጻድፍ ብዝውሕዙ ብርቱዓት ውሒዝ ዝተደፍነ ኮይኑ ይረኣዮ። እዚም ንቕርጺ ኣቃውማ ጥንታዊት ወደብ ኣዱሊስ ዝቐየሩ ሓደጋታት ግና፡ ንታሪኻዊን ጥንታዊን ትሕዝቶኣ ብኸፊል ክጽልውዎ ተራእዮም እዮም። በዚን ካልእን ምኽንያታት ድማ'ዩ ኣዱሊስ እታ ዝተደፍነት ወደብ እናተባህለ ዝንገረላ።

"ብዘይካ'ዚ፡ ኣዱሊስ ኑቲ ናይ ባሕሪ ብልጫ ተጠቒማ ንበዓል ቀሓይቶ፡ መጠራ፡ ከስከሰ ከምኡ ድማ ክሳብ ኑቲ ንሰሜናዊ ክፋል ኢትዮጵያ ዘጠቓልል ንግስነት ኣኽሱም፡ ናብ ሓደ ናይ ንግዲ መርበብ ዝሓወሰት ወደብ እያ ነይራ ደብዛል። በዚ ከኣ ባሕሪ ንኣዱሊስ ከም ስልጣኔ ደው ክትብል ዘኽኣላ ካብ'ቶም ኣብቲ ግዜ'ቲ ዝነበሩ ስልጣኔታት ዚያዳ ቀልጢፉ ክትዓቢን ተፈላጥነት ክትረኽብን ዘኽኣለ ረቛሒ እዩ ነይሩ ክንብል ንኽእል። ኣዱሊስ ኑቲ ኣብ ወሽጢ መሬት ወይ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝነበረ ጸጋታት፡ ምስቲ ካልእ ስልጣኔታት ብመንገዲ ሩባታት ሓዲሹ ኩማይለን ዒሊ ገደን ዘራኽብ ዒቢ ናይ ንግዲ መስመራት ብምኽፋታ፡ ኣገዳስነታ ዕዙዝ ይገብሮ። ናብ'ዚ ከባቢ ዝውሕዙ ሩባታት - ሓዲሹ ዒሊ ገደን ኩማይለን ኰኣ ከባቢ መጉበቲ እዮም። እዞም ውሒዝ እዚኦቶም ካብ ከበሳ ሓዘማዎ ዝመጽኡ ስቡሕን ማዕድናዊ ትሕዝቶ ዘለዎን ሓመድ፡ ኣብ ሕርሻዊ መዳይ ከፊላዊ ጽልዋ ክህልዎ ዘኽኣሉ ረቛሒታት እዮም። ልዕሊ ኩሉ ግና፡ እቲ ናይ ንግዲ መስመራት ንኣዱሊስ ንልዕሊ 1500 ዓመታት ዝኸደ ስልጣኔ ንኽህልዋ ሓጊዙ ምንባሩ ክንጸር ኣለዎ።

"ስለ'ዚ፡ ኩሉ ግዜ ክንጽጽሮ ዘሎና ጉዳይ እንተሃልዩ፡ እቲ ናይ ባሕሪ ጸጋ ኑቲ ናይ ከበሳ ስልጣኔታት ናብቲ ናይ ሰገረ-ባሕሪ ንጥፈታት ማለት፡ ንቐይሕ ባሕሪ ብንግዲ ምስ ህንዳዊ ወቅያኖስን ምብራቓዊ ማእከላይ ባሕርን ዘራኽብ ኢጋጣሚ ክኸውን ምኽኣሉ እዩ። ኣብዚ ንኣማኢት ዓመታት ዝቐጸለ ምዕባለታት ድማ፡ ንባህሊን ልምዲን ሕብረተሰብ ናይቲ ከባቢ ዘመልክት ኮነ ዘርድእ ዝተፈላለየ ኣሰራት ሓቑፋ ንኽትቕጽል ባይታ ኣንጺፋ እዩ። በዚ መሰረት፡ ጫፍ ደቡባዊ ምዕራብ ናይዛ ወደባዊት ከተማ፡ እቲ ዝጠንተወ ኣሰራት ክንረኽበሉ ኢና ኢልና ግምት ንህቦ ክፋል እዩ። ምኽንያቱ፡ ኣብዚ ዝተኻየደ ኩዕታታት፡ ኑቲ ካብ 2ይ መዋእል ቅድሚ ልደተ-ክርስቶስ ኣትሒዙ ዝተኻየደ ዝነበረ ንጥፈታት ዘርእዩ ኣሰራት ሓዚ ስለ ዝርከቡ፡ ብዓበኡ ድማ፡ እቲ ካብ ቀዳማይ መዋእል ቅድሚ ልደተ-ክርስቶስ ኣትሒዙ ኣብ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ዝተራእየ ዓቢይቲ ናይ ንግዲ ንጥፈታት፡ ናይ ወደብ ቅርጺ ሒዛ ንኽትምዕበል ኣማእዚዚ ረቛሒ ኰይኑዋ እዩ። ስለዚ፡ ኣዱሊስን ከበቢኣን ካብ ካልኣይ መዋእል ቅድሚ ልደተ-ክርስቶስ ክሳብ ሻምናይ ክፍለ ዘመን ድሕሪ ልደተ-ክርስቶስ ዝዝርጋሕ ኣሰራት ሓቝፍ ዝርከብ ታሪኻዊ ቦታ እዩ።

"ኣብ'ዚ እዋን እዚ፡ 9 ነቑጣታት ኣለዋና። ነፍሲ-ወከፍ ነቑጣ ከኣ ኣብ ዝተፈልየ መዳይ ብምትኳር ዝተፈላለየ ንጥፈታት ኣብ ምኽያድ ይርከባ። ናይ ዕቃበ፡ ምምሕዳር፡ ጽገና፡ ኩዕታ፡ ዳህሳስ ወዘተ። ነቑጣታት 2፡ 4፡ 6፡ 9 ኣብ ሃይማኖታዊ ንጥፈታት ዘተኩረ ዳህሳስ እየን ዘካይዳ። እዘን ነቑጣታት እዚኣተን፡ መብዝሕትኡ ርኽቦታተን ወይ ኣሰራተን ምስ ኣብያተ-መቓድስ ዝተኣሳሰር እዩ። ዕላማ ናይቲ ዳህሳስ ኑቲ ካብ 3ይ ክሳብ 6ይ ክፍለዘመን ንዝነበረ ምስ ምትእትታው ክርስትና ዝተኣሳሰረ ንጥፈታት ንምፍላጥ፡ ኣዱሊስ ከም ወደብ ጸልወኣ ኣብ ሃይማኖት እንታይ ይመስል ከምዝነበረ ንምልላይን እዩ። ምኽንያቱ ኣብዚ ወደብ ብዙሓት ኣብያተ-መቓድስ ተሃኒጸን እየን። ብዙሓት ዓይነታት ቅዲ ህንጻ'ውን ይርከባ ኣለዋ። ኣብያተ-መኻዝን ኣብያተ-መቓድስ፡ ሰብ ዝነብረሎም ናይ ደርበታት መልክዕ ዘለዎም ህንጻታት'ውን ኣለዋ። ነቑጣ ቁጽሪ 1፡ እቲ ዝጠንተወ ኣሰራት ዝርከበሉ ከባቢ እዩ።

"ኣብዚ ነቑጣ'ዚ፡ ናይ ቀዳማይ መዋእል ቅድሚ ልደተ-ክርስቶስ ንዝነበሩ ስርሓት ዘመልክቱ ቅርሲታት ስለዝተረኽቡ፡ ኣብዚ'ውን ከም እነድህብ ተገይሩ። ኣብዚ ዝተረኽቡ ኣሰራት፡ ምስ'ቶም ኣብ ካልእ ነቑጣታት ዝረኸብናዮም ርኽቦታት ብቕዲ ህንጻ፡ ስርሓት ካይላ ይኹን ካልእ መለኪዒታት ፍጹም ዘይራኸቡ እዮም። ብዘይካ'ዚ፡ 4ይ 5ይ 7ይን 8ይን ነቑጣታት፡ እቶም ዓበይቲ ውሓይዝ ቀስ ብቐስ ናብ ኣዱሊስ ክጽግዑ ምስ ጀመሩ፡ ኣብ ልዕሊ ቅርሲታት'ውን ጉድኣት ከስዕቡ ምስ ተራእዩ፡ ንምድሓኖ ኣተኩሮ ገይርና ክሰርሑ ዘቐምናዮም ነቑጣታት እዮም።

ስልጣኔ ወደባዊት ከተማ ኣዱሊስ፡ ኣዝዩ ሰፊሕ ታሪኻዊን ቅርሳዊን ጭኢታታት ዝሓቘፈ እዩ። ኣብዚ መድረኽ ብመድረኽ እናተተኻኸኡ ዝቦዓዙ ዝበሩ ስልጣኔታት፡ ኑቲ ናይ'ቲ እዋን ቅዲ ህንጻታት (ኣብያቲ፡ መኻዝናት፡ ኣብያተ-መቓድስ)፡ ባህላዊን ቁጠባዊን መቐበሮ ህዝቢ ብንጹር ዘመልክቱ ስርሓት ካይላን ንኻልእ ንጥፈታቶም ዝውክሉ ኣሰራትን ትሕዝቶን ይርከቡ ኣለው።"

ይቕጽል



ሽባብ
ሃማመተኤ

## ሕቶ ሽባብ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጅምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቒምቲ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ “ሕቶ ሽባብ” እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ “ሆት ላይን” ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

# ተሓዳሲ መብጽዓ

ደዋሊ፤ ሄለው፡ ናብ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተለፎን ድየ ደዊለ ዘለኹ?

ኣማኻሪ፤ መርሓባ። ናብ ሃማመተኤ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተለፎን ደዊልካ ኣለኻ። ስምካን ዘለኻዮ ቦታዶ ምሓበርካኒ?

ደዋሊ፤ ተስፋ እበሃል። ካብ ኣቑርደት'የ ዝድውል ዘለኹ።

ኣማኻሪ፤ የቐንየለይ፡ ኣገልግሎትና ደሊኻ ምድዋልካ ኣመስግነካ። እንታይ ክሕግዘካ?

ደዋሊ፤ ሓድሽ ዓመት መጽኡ፡ ሽጋራ ከቋርጽ'የ እናበልኩ ክማባጻዕ ልዕሊ 15 ዓመት ኮይኑ። ካብዛ ወልፊ ክገላገል ዓቕሚ ስለ ዘሓጽረኒ፡ ዋላ ኣገባብ መብጽዓይ እንተ ቐየርኩ ክስዕራ ኣይከኣልኩን። እንታይ'የ ዝገብር ዘለኹ እናበልኩ ብሓሳብ ይዋጠር፣ መሊሰ እንታይ ይገብር ኣለኹ ብምባል ብጣዕሳ እጭነቕ ኣለኹ።

ኣማኻሪ፤ ተስፋ፡ ኣብዚ እዋን ጸቕጢ ዝገብረልካ ዘሎ ምቁራጽ ወልፊ ድዩ፡ ዋላ ዘይዕውት መብጽዓ?

ደዋሊ፤ ድሌተይ ድኣ፡ ሽጋራ ምግዳፉ እንድዩ፣ ግን ውጽኢት ዘይርከቦ መብጽዓ እናቐደመኒ።

ኣማኻሪ፤ ተስፋ፡ እዚ ወልፊ ብኸመይ ዲኻ ጀሚርካዮ?

ደዋሊ፤ ወዲ 13 ዓመት እንከለኹ፡ ብዓርከይ ዓርክኻ ተደፋፊአ'የ ጀሚረዮ። ሕጂ ወዲ 33 ዓመት ኮይነ ኣለኹ። ሽጋራ ደሓን ኣይትእቶ ገንዘበይ፡ ግዜይ፡ ጥዕናይን ክብረይን ተጻቢኣትኒ።

ስድራይ፡ ብዘይካ ኣብ ውልቃዊ ዋኒኖም፡ ኣመት ደቀም ዝገብሩ ኣይነበሩን። ደቅና፡ እንታይ ይገብሩ ኣለው? ባህርያቶም ከመይ ይኸይድ ኣሎ? ዝብሉ ኣይነበሩን። ዝተማህረ ቀለም እምበር ገንዘብ ኣይረክብን'ዩ ዝብል መረዳእታ ስለ ዝነበሮም፡ ብዙሕ ግዲ ከይገበሩልና ኢና ዓቢና። ግቡእ ክንክን ኣልያን ረኺቡ ዘይዓበየ ቈልዓ ድማ ንሕማቕ ተግባራት ተቓሊዑ'ዩ ዝዓቢ ዲኹም ትብሉ?

ኣማኻሪ፤ ካብቲ ክትብሎ ዝጸናሕካ ምርኩስ ብምግባር፡ ዝዓበኻሉ ከባቢ፡ ዘዕበዩኻ ወለድን መምህራን፡ ግዚኦም ዘይሓለውን ዘይተመጣጠኑ ኣገባብ መቕጻዕትን ምትብባዕን፡ ከምኡ ድማ ከም ኣብነት እናረኣኻዮም ዝዓበኻ ሰባት፡ ፊልምታትን ካልእ ጦብላሕታ ዝሓድጉልካ ዝኸርታትን ህይወትካ፡ ንመጻኢ ብእወታ ወይ ብኣሉታ ክጸልውኻ ዓቢ ተራ ስለ ዘለዎም ዝወሃብ መግለጺ'ዩ።

ደዊሊ፤ ክላ በል፡ ኣነስ ንገለ ካብ'ዞም ክትብሎም ዝጸናሕካ ኣሉታዊ ጽልዋ ሓዲጎሙለይ ከም ዝዓበኹ ይሰምዓኒ'ሎ። ካብ ወለደይ ሓሊፉ፡ ደቂ ገዛውትና፡ ጎረባብትና፡ ዝነበሩ ዓበይቲ ሰባት፡ ተሓቢኦም ከትክኹ እንከለው ተደኒቕና ንርእዮም ነይርና። ፍሉይ ይመስለና ስለ ዝነበረ ድማ ደርብየሞ ዝኸዱ ተረፍ ሽጋራ፡ ክንጥዕሞ ንጓየ ነይርና። እዚ ድማ ገለ ካብቲ ክትጠቕሶ ዝጸናሕካ ዝጸለወኒ ነገር ክኸውን ይኽእል'ዩ።

ኣማኻሪ፤ ከተትክኸሉ እትመርጾ ኩነታት ከመይ ዝበለ'ዩ?

ደዋሊ፤ ደኺመ ጸኒሐ ከዕርፍን ክዘናጋዕን እንከለኹ፣ ስርሐይ ንግዲ ስለ ዝኾነ፡ ገለ ክሳራ ከጓንፈኒ እንከሎ፣ ካልእ'ውን ኣብ ዝሓርቀሉ እዋን ናብኣ እጓየይ።

ኣማኻሪ፤ ኣእምሮ ነዞም ስምዒታትን ባህርያትን፡ ንኸሰላስል ርእሰ-ምቁጽጻርን ስምዒታዊ ብስለትን የድልዮ። ስምዒታዊ ብስለት፡ ስምዒት ገዛእ ርእስኻን ካልኦትን ምርዳእን ምውህሃድን ማለት'ዩ።

ስለዚ ገለ ወልፊ ንኽይተቋርጽ ካብ ዝድርኹኻ ዘለዉ ስምዒት፡ ሕርቃን ስለ ዝኾነ፡ ስምዒታዊ ብስለትካ ከተርጥበሉ ይሕግዙ'ዮም ዝበልክዎም ክጠቕስ፤

- ስምዒትካን ስምዒት ካልኦትን ምቁጽጻር፡ ኣርባሕቲ ዝኾኑ ስምዒታዊ ብስለት ምድህሳስ፣
- ስምዒታዊ ብስለትካ ተግባራዊ ንምግባር፡ ዘሎካ ዕድላትን ስትራተጂታትን ምልላይ፣
- ንእወታዊ ውጽኢት ዝመርሑኻ፡ ርድኢትን ባህያትን ምምራጽ።

ደዋሊ፤ ስለምታይ'ዩ ትሕቲ ዕድመ እንኮለኻ ዝጅምር? ዶስ ምስ ዓበኻ'ውን የጋጥም'ዩ።

ኣማኻሪ፤ ክኢላታት ስነ-ልቦና ከም ዝሕብርዎ፡ ዕድመ ግርዝውናን ኩትትናን ነገራት ናይ ምፍታን ድርኺት ስለ ዘለዎም፡ ናይ ምምዝዛን ዓቕሞም ስለ ዘይበስለ፡ መን ከማይ ዝብል ስምዒት'ውን ስለ ዝደፍኦም፡ ማዕረ ማዕሪኡ ድማ፡ ወልፊ ሓጐስ ይፈጥር'ዩ ዝብል መረዳእታ ስለ ዘለዎም ንወልፊ ዝያዳ ዝተቓልዑ ይኾኑ። ብኻልእ ወገን ጸቕጢ መዛኑ ብዝፈጥሮ ወጥሪ ተላባዒ ይገብሮ። ዋላ'ኳ እዚ ዕድመ ተኣፋፊ እንተኾነ፡ ንዓበይቲ'ውን ዘይንሕፍ ሰራም ልምዲ'ዩ።

ደዋሊ፤ ኣነ ግን፡ ዝፈተንክዎም ገለ ጻዕርታት፡ ዘይምዕዋቱ'ዩ ሻቕሎት ፈጢርለይ ዘሎ።

ኣማኻሪ፤ ዝፈተንካዮም ተግባራት ዶ ምገለጽካለይ?

ደዋሊ፤ ን6 ኣወርሕ ሓዲገያ ነይረ። “ድሕሪ ሕጂ ኣይምለሳን'የ፡” ኢለ ምሒለ ጢሒለ ሰባቢረ ብምጉሓፍ ተሰናቢተያ ነይረ። ሓድሽ ዓመትን ሃይማኖታዊ በዓላትን ምኽንያት ገይረ ዘቋረጽክሉ እዋን ነይሩ።እዚ ኮይኑ ከብቅዕ፡ ኣብ ሓዳስ ዓመት ከተኣታትዎ ንዝደለኽዎ ሓድሽ ባህሪ፡ ግዜ ምቁጻር ጥራይ ኮይነ ተሪፈ። መብጽዓታተይ እናኣሐደስኩ ምምራሸይ ድቃስ ከሊኡኒ።

ኣማኻሪ፤ ደሓን፡ ኩነታትካ ተረዲአካ ኣቐዲምካ ዝወሰድካዮ ስጉምቲን ዘሎካ ሰናይ ድሌትን ተበግሶን ንኽትዕወት ደረኽቲ'ዮም። ምኽንያቱ ፍታሕ ንምንዳይ ኣቐዲምካ ዝገበርካዮም ጻዕርታት፡ ሓገዝቲ መወከሲ ክኾኑኻ ስለ ዝኽእሉ።

ቅድሚ ዝኾነ ከነስተውዕለሉ ዘሎና፤ መብጽዓ ምስ ኑብስኻ፡ ንስሓ ምስ ፈጣሪኻ፡ ማሕላ ምስ ሃገርካ ምኟኑ ተረዲእካ፡ መብጽዓኻ ንምትግባር ርግጸኛ ኣብ ዝኾንካሉ ምትግባር። ስለዚ መብጽዓታት ምድርዳር ጥራይ ካብ ወልፊ ኣየጋላግለካን።

ገዛእ ርእስኻ ምቁጽጻር፡ ጥዕናዊ ሳዕቤናት፡ ቍጠባዊ ምንቍልቋል፡ ማሕበራዊ ተነጽሎ፡ ምጕዳል ክብሪ ብምልላይ ወሳኒ ስጉምቲ ምውሳድ። ምትካኽ ዘስዕቦ ጸገማት ትፈልጦ ዶ?

ደዋሊ፤ ኣብቲ ባኮኡ ‘መንሽሮ ሳንቡእ የስዕብ’ ዝብል ጽሑፍ ኣሎ። ድኻ ምልቢ፡ ዘትክኻ ደቂ ኣንስትዮ ትሑት ሚዛን ዘለዎም ቈልዓ ከም ዝወልዳ ብዓቕመይ እፈልጥ።

ኣማኻሪ፤ ብዘይካ'ዚ 8% ካብ'ቶም ገዳይም ኣትከኽቲ፡ ጸገማት ቀርበት ገጽ ኣኸቲሉ ዘይንስኻ ዘምስል ወይ ብኣገላልጻ ክኢላታት ገጻት ኣትከኽቲ ኢሎም ዝገልጽዎ ጸገም የስዕብ።መጽናዕትታት ውድብ ጥዕና ዓለም ከም ዝሕብርዎ፡ ምስ ምትካኽ ብዝተታሓሓዙ ሕማማት፡ ንፍርቀም ካብ'ቶም ኣትከኽቲ፡ ኣብ ዝተናውሐ እዋን ከም ዝቐትል፡ ንርብዒ ካብ'ቶም ዘየትክኹ ድማ ከም ዝልክም ይሕብር። ስለዚ፡ “ገ እናበሉኻዶ ትጋገ” እዩ ነገሩ። ስለዚ ዝተጠቕሱን ዘይተጠቕሱን ሳዕቤናት ወልፊ ኣብ ግምት ብምእታው፡ክሳብ ክንደይ ካብ መገዲ ጥዕና ተኣሊኻ ምህላውካ ኣለሊኻ፡ መብጽዓ ዘይኮነ፡ ብትብዓት ተበግሶ ከም ዘድልየካ ፈሊጥካ፡ ሕጂ ምብጋስ'ዩ።

ዋላ'ኳ መብጽዓታት ንምእታው ቀረባ፡ ንምትግባሩ ግን ርሑቕ ዝበለ እንተኾነ። ክትኣትዎ እንከለኻ ከተማልኦ ዘለካ ግዴታታት ምዝካር'ውን ኣገዳሲ'ዩ። እዚ ማለት፡ መብጽዓ ምስ ልምዲ፡ ክብርን ሃይማኖትን ዝተተሓሓዘ መሳርዓት ከም ዘለዎ ተረዲእካ፡ ማሕላ ምኟኑ ምዝካር ኣገዳሲ'ዩ። “ትንቢታት ኣፍራስ እንተ ዝኾኑ ሃካያት ምተወጥሕዎም” ዝበሃል ብሂል ኣሎ። ስለዚ ዝመባጻዕ ሰብ ብዙሕ'ዩ፡ ዘተግብር ግን ውሑድ'ዩ። እምበኣር መብጽዓ ዘይኮነ፡ “ይከኣል” ምባል'ዩ ዝሓይሽ መስለኒ።





ደዋሊ፤ ኣንታ፡ ንሱስ ሓቕኻ ኤርካ፡ ክገብሮ ዝጸናሕኩ መብጽዓታት፡ እኹል ኣይኮነን ካብ በልካ፡ ሓገዝቲ እትብሎም ሓሳባት በል ንገረኒ?

ኣማኻሪ፤ ኣጆኻ፣ በል ጽን ኢልካ ስምዓኒ።

ደዋሊ፤ ይሰምዓካ ኣለኹ፡ ቀጽል።

ኣማኻሪ፤ ብዕለትን ኣጋጣምን ከይተደረትካ ብውሳኔኻ ዕገብ። ክትገብሮ ድሉው ኣለኹ ኢልካ ምስ ነብስኻ ቃል ምእታው። ነብሰ-ምሕደራኻ ምኽላስን ወይ ንዘለካ ጸጋታት ኣብ መዓልኡ ምውዓልን ምክትታልን።

ኣብ ገዛእ ርእስኻ ብምእማን፡ እዚ ወልፊ'ዚ ድሕሪ ምፍጣረይ ተፈጢሩ ዝተቖጻጸረኒ ከይሲ ባህሪ ንምርሓቑ ነቒለ ኣለኹ ምባል። ዋላ'ኳ ከም ዓሻ ገረብ ንነዊሕ እዋን ከይተኹስኩሰ ዝዓበየ ይኹን። ኣእምሮ ወዲ ሰብ ብዝተሓላለኸ መትንታት ዝቖመ ኮይኑ፡ ንዝተለጠፎ ወልፊ ንምፍታሕ ተበግሶ ኣእምሮና እንተ ሓቢርዎ፡ ካብ መብጽዓ ወጺኡ ዓበይቲ ግድላት ከም ዝፈትሕ እምነት ምሕዳር። ብተወሳኺ ዕለታዊ ክትለማመዶም ዘሎካ ክእለታት ንምጥቃስ፤ ግዜኻ ምምሕዳር፡ ብስራሕ ጽሙድ ምኟን፡ ብመራኸቢ ብዙሓን ኣብ ዝፍነዉ ጥዕና ጠቀስ መደባት ምክትታል። ኣብ ከባቢኻ ንዘለዉ ሰብ ሞያ ጥዕና ምውካስን ኩነታት ጥዕናኻ ምፍላጥን። ካብ ስራሕ ወጻኢእካ ኣብ እትዛነየሉ፡ ልምዲ ምንባብ ምጥራይ። ብዝተኻእለ መጠን፡ ወልፊ ዘይብሎም ኣዕሩኽ ክህልዉኻ ጸዓር። ንባህሪ ስራሕካ ብዘይጸሉ መንገዲ፡ ብእዋንካ ገዛ ምእታውን ኣእምሮኻ ኣብ ክንዲ ብወልፊ ብፍቕሪ ስድራቤት ከም ዝመልእ ምግባር። ንግሆ ምስ ተንሳእካ፡ ሓጺር እግሪ ጉዕዞ ብምክያድ፡ ብውሕዱ ክልተ ቢኬሪ ማይ ምስታይ። ብብዝሒ ወልፊ ዝዘውተረሉ ቦታትት ከም ኣብያተ መስተን መዛናግዒታትን ምሕያብ። ካብ ወልፊ ዝተገላገሉ ሰባት ተመኩሮ ምልውዋጥ። ካብ ወልፊ ንምግልጋል ዝተጻሕፉ ጽሑፋት ምንባብ።

ደዋሊ፤ ካብዚ፡ ዝተዛራረብናሉ ኣማራጺታት ተጠቒመ፡ ካብ መብጽዓ ብተግባር፡ ኣብ ዝቕጽል ዝሓሸ ባህርያት ተላቢሰ ክድውለልካ'የ። ኣዝየ ኣመስግነካ፡ የቐንየለይ።

ኣማኻሪ፤ ገንዘብካ፡ ኣብ ዓወትካ የራኽበና። ብሩኽ መዓልቲ!

ፍረ ጻዕሪ
ሕርሻን መግብን
ዓንደመስቀል በርሀ

# ዘራእቲ፡ ስለምንታይን ብኸመይን እዮም ዝመሓየሹ?

### ምሕየሻ ብቚሊ እንታይ ማለት'ዩ?

ምሕየሻ ዘራእቲ ክብሃል ከሎ፡ ንሓደ ዘርኢ ወይ ብቚሊ ምህንድስናዊ ሜላ ተጠቒምካ ናብ ረብሓ ተጠቃሚ ንምውዓል ዝግበር ኣገባብ ኮይኑ፡ ብቐንዱ እዚ ኣገባብ ምህርቲ ንምኽዕባትን ንምድንፋዕን ዝዓለመ እዩ።

### ኣገዳስነት ምምሕያሽ ብቚሊ

- ምስ ኩነታት ኣግሮ-ኢኮሎጂ ከባቢ ማለት ኩነታት ኣየር፡ ክሊማን ሓመድን በዲሁ፡ ኣርባሒ ምህርቲ ክህቡ ዝኽእሉ ዓሌታት (varieties) ዘራእቲ ምምዕባል፣
- ንባልዓት፡ ሕማማትን ደርቅን ዝጻወሩ ዓሌታት ብቚሊ ምምዕባል፣
- ልዑል ምህርቲ ክህቡ ዝኽእሉ ዘራእቲ፣ ቀልጢፎም ዝኣኽሉ/ ምህርቲ ዝህቡን፡ ንሳዕቤናት ክሊማዊ ለውጢ ናብ ዝተሓተ ደረጃኡ ብምውራድ፡ እኹል ምህርቲ ዝህቡ ምምዕባል፣

### ምድቓል ወይ ምምሕያሽ ብቚሊ ኣብ ክንደይ ይኽፈል?

ብሓፈሻ፡ ምድቓል ወይ ምምሕያሽ ዘራእቲ ሰለስተ ኣገባባት ወይ ደረጃታት ይኽተል፦

- <u>ምትእትታው ሓደስቲ ባህርያት ዘሎዎም ዘራእቲ፦</u> ሓድሽ ዓሌት ዘርኢ ወይ ተደላዪ ባህርያት ዘሎዎም ዓሌታት ዘራእቲ ምትእትታው። ንኣብነት፡ ኣብ ሓደ ከባቢ ዝፈሪ ዝነበረ ዓሌት እኽሊ፡ ንደርቂ ጽቡቕ ናይ ምጽዋር ባህሪ እናሃለዎ፡ ሕማም ናይ ምጽዋር ዓቕሙ ምስ ዘደክም ግን ምስ ካልእ ጽቡቕ ሕማም ናይ ምጽዋር ብቕዓት ዘሎዎ ተመሳሳሊ ዓይነት እኽሊ ብምውሳብ፡ ነቲ ደኺሙ ዘሎ ባህርያት እኽሊ ብምምሕያሽ ምህርቲ ምድንፋዕ ይከኣል።
- <u>ምምራጽ ኣገደስትን ተደለይትን ባህርያት ዘሎዎም ዘራእቲ፦</u> እዚ፡ ዘርኢ ተዘሪኡ ምስ በቑለ፡ ደጋዊ ትርኢት ተኽሊ ወይ ብቚሊ ብምዕዛብ ዝምረጽ ባህርያት ብቚሊ እዩ። ንኣብነት ጽቡቕ ግንቦ ዘሎዎ እኽሊ ምጥቃስ ይከኣል። እዚ ኣገባብ፡ ሓረስቶት'ውን ካብ ዘዘውትሩዎ እዩ። ንዝመጽእ ወቕቲ ዘርኢ ዝኾኖም፡ ምህርቲ ኣብ ግራቱ ከይተዓጽደ ጽቡቕ ግንቦ ካብ ዘሎዎ ይእክቡ'ሞ፡ ንበይኑ ብምዕቃብ ከም ዘርኢ ይጥቀምሉ።
- <u>ምድቓል ወይ ምውሳብ፦</u> እዚ ናይ ምድቓል ደረጃ፡ ኣብ ማእከል ሕርሻዊ ምርምር ዝትግበር ኮይኑ፡ ነቶም ሓረስቶት ብደጋዊ ወይ መዛርዓዊ ትርኢት ተጠቒሞም ዝመረጽዎም፡



ኣቶ ንጉሰ ኣብርሃ

ተደለይቲ ባህርያት ዘውንኑ ዓይነታት ብቚሊ፡ ብስግረ ምውሳብ ተጠቒምካ፡ ነቲ ኣብ ክልተ ዝተፈላለዩ ዓሌታት ብቚሊ ናይ ሓደ ዘርኢ ዝርከብ ተደለይቲ ባህርያት፡ ኣብ ሓደ ዓሌት ብቚሊ ምስራጽ እዩ።

### ዘራእቲ፡ ስለምንታይ ወይ መኣስ'ዮም ክመሓየሹ ዘድሊ?

- መጠን ዓቕሚ ምህርቲ ብተደጋጋሚ ምስ ዝንኪ
- ብቕዓት ምልምማድ (adaptation) ምስ ዘንቈልቁል
- ብቚሊ፡ ደረጃ ተጻዋርነት ባልዓት ምስ ዘጥፍእ
- ደረጃታት መዐቀኒ ብቕዓት ብቚሊ (ቁመት ተኽሊ፡ ግዜ ምእካል ካልእን) ምስ ዘሰናኽል

### ሓደ ብቚሊ ክመሓየሽሉ ዝግብኦ ገደብ ግዜ ወይ መለክዒታት ኣሎዎዶ?

ሓደ ዓሌት ብቚሊ፡ ሓንሳእ ተደላዩ ባህርያት ወኒኑ ምስ ማዕበለ ወይ ምስ ተዳቐለ፡ ንውጽኢቱ ወይ ትሕዝቶኡ ብዝምልከት፡ ቀጻሊ ክትትል ክግበረሉ ይግባእ። ምኽንያቱ፡ ብዝተፈላለዩ ጠንቅታት (ሕማማት፡ ባልዓት፡ ደርቅን ካልእን) ዝነበሮ ተደላዪ ባህርያት ከጥፍእ ይኽእል'ዩ። ሓደ ዓሌት ብቚሊ ማዕቢሉ ወይ ተዳቒሉ ምስ ተዓደለ፡ ኣብ ትሕቲ ጽቡቕ ክትትል ዘካይድ ሓረስታይ፡ ካብ ሰለስተ ክሳዕ ኣርባዕተ (3-4) ዓመታት ኣብ ዘሎ ግዜ ክትካእ ይግባእ። እዚ ማለት፡ እቲ ዘርኢ ክህቦ ዝግብኦ ምህርቲ፡ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ፡ ብእተፈላለየ ምኽንያታት ምስ ዝጉድል ጥራይ ይኸውን።

### እተመሓየሹ ዓሌታት ብቚሊ ብመኣዛዊ ትሕዝቶኦም ይፍለዩዶ?



መበቁላውያን ዘራእቲ፡ ብመቐረቶምን ብዘሎዎም ተጻዋርነትን ንኣከባቢያዊ ምልምማድን ዝተፈልጡ እዮም። እንተኾኑ፡ ኣብ ዝተናውሐ ዓመታት ዝነበሮም ብልጫታት የጥፍኡ'ሞ ክመሓየሹ የድሊ። መስርሕ ምድቓል ወይ ምምሕያሽ ዘራእቲ፡ ምስ መበቁላውያን ዓሌታት ዘራእቲ ብምውሳብ ወይ ብምትሕንፋጽ ስለ ዝካየድ፡ እቶም ዝምዕብሉ ዓሌታት፡ እቲ ተዳላዩ ወይ ዘገድስ ባህርያት ዘርኢ ሒዞም ከም ዝፈርዩ ንምግባር እዩ ዝጸዓር። ብሓፈሻ ግና ዕላማ ናይቲ ዝካየድ ምርምራዊ ስራሕ፡ ኣብ ምምሕያሽ መኣዛዊ ትሕዝቶ ዘተኩረ እንተኾይኑ፡ ክትግበር ይከኣል እዩ። ንኣብነት ብፍሉጣት ትካላት ምርምር ዓለም፡ ንሓደ ዓሌት ዕፉን ፕሮቲናዊ ትሕዝቶኡ፣ ንሓደ ዓሌት ብልቱግ ድማ ትሕዝቶ ቪታሚን ከም ዝህሉዎም ተገይሩ እዩ።





ኣዳላዊ፦ ኣቶ ንጉሰ ኣብርሃ
ዳ/ጨ/ምርምር ምሕየሻ ዘራእቲ

***

## ኣብ ንእሽቶ ጀርዲን ምህርቲ ንምውሳኽ ዝሕግዙ ሓሳባት

<u>- ኣብ ስነ-ጽባቐ መሬት ዝብላዕ ኣትክልቲ ምጥቃም፦</u> ኣትክልቲ ከም ቀጠልያ ኣሕምልቲ፡ ሓምላይ ሰላጣ፡ ፍረታት ዘኣመስሉ ዝብልዑ ኣትክልቲ፡ ኣብ መትሓዚታት፡ መንጠልጠሊታት፡ ኣብ መስኮት ወይ ድማ ኣብ ትኽ ዝበለ ጀርዲን ክተብቁል ትኽእል ኢኻ። በዚ መንገዲ፡ ነቲ ዘሎካ ውሱን ቦታ ክትጥቀመሉ ትኽእል ኢኻ ከምኡ'ውን ኣብ ጀርዲንካ ጽባቐን መኣዛን ክትውስኽ ትኽእል።



<u>- ኩርባታትን ሕምብሊላይ ቅርጺ መሬትን ምጥቃም፦</u> ንህሉው ኩርባታት ግቡእ መደባዊ ዛላታት ብምስራሕ ከምኡ'ውን ባዕልኻ ሕምብሊላይ (spiral) ቅርጺ መሬት ብምህናጽ፡ ሰፍሓት ገጽ ኣብ ሕርሻ ዝውዕል መሬት ክትውስኽን ንእተፈላለዩ ኣታኽልቲ ንኡስን ምቹእን ክሊማ ክትፈጥር ትኽእል ኢኻ። ንኣብነት፡ ኣብ ላዕለዋይን ንደቡብን ገጽ ናይቲ ኩርባ፡ ጸሓይ ዝፈትዉ ኣታኽልቲ፡ ኣብ ታሕተዋይን ሰሜንን ገጹ ድማ ጽላሎት ዝጻወሩ ኣታኽልቲ ክትተክል ትኽእል ትኽእል። ብተወሳኺ፡ ኣብ ወሰናስን ናይዚ ቅርጺ መሬት፡ ጠቓምቲ ሓሸራታት ክትስሕብ ትኽእል ኢኻ።

***

<u>- ኣብ ውሑድ ቦታ ዝበለጸ ምህርቲ ዝህቡኻ ዓይነታት ብቚሊ ምምራጽ፦</u> ገለ ዓይነታት ብቚሊ፡ ብብዝሕን ጽሬትን ዘፍርዩዎ መግቢ፡ ብተፈጥሮኦም ካብ ካልኦት ዝያዳ ኣፍረይቲ እዮም። ኣብ ኣዝዩ ንእሽቶ ቦታ፡ ልዑል ምህርቲ ዝህቡ ዓይነታት ብቚሊ ከም ኮመደረ፡ በርበረ፡ ኩኩምበር፡ ፋጆሊ፡ ወዘተ. ብምጥቃም ርቡሕ ምህርቲ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ነዊሕ ናይ ቀውዒ ግዜ ዘሎዎም ዓይነታት ብቚሊ ከም ከም ቃንጫ ሸጉርቲ፡ ቻርድ፡ ሰላጣ፡ ስፒናችን ዘኣመሰሉ'ውን ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ። ብተወሳኺ፡ ብተደጋጋሚ ክዕጸዱ ዝኽእሉ ዘራእቲ'ውን ምጥቃም ይከኣል።



***

<u>- ኣዋሰብቲ ህይወታውያን ምስሓብ፦</u>

ከም ንህቢ፡ ጽምብላሊዕ፡ ሃሚን'በርድ (ጭሩ በለስ) ወዘተ. ዝኣመለሱ ኣዋሰብቲ ህይወታውያን ናብ ጀርዲንካ ምስሓብ፡ ን ቐልጡፍን ኣድማዕን ስርዓተ ምውሳብ ኣትክልቲ ይሕግዝ። ነዚ ዕላማ ክዉን ንምግባር፡ ከም ላቫንደር፡ ቦራጅ፡ ካለንዱላ፡ ዕምባባ ጸሓይን ዚንያን ዝኣመሰሉ ረግረግን ፖለንን ዝህቡ ዕምባባታት ክትተክል ትኽእል ኢኻ። ብዘይካ'ዚ፡ ነቶም ኣዋሰብቲ ህይወታውያን፡ ምንጪ ማይ፡ መሰፈሪ ቦታታትን መጽለልን ክትህቦም ትኽእል ኢኻ።

ትርጉም፦ ተስፋኣለም መስፍን
ዳ/ጨ/ ስርዓት ስትራተጅያዊ ሓበሬታ ሕርሻ



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

## ጽውጽዋይ

# ብጻዕርኻ ምንባር...

ካልኣይ ክፋል

እዞም ኣርባዕተ ሓለፍቲ ነፍሲ ወከፎም ዘመሓድርዎ ቦታ ስለዝኸበሮም፣ ፋሕ ብምባል ንነፍሲ ወከፍ ደቂ'ታ ዓዲ መልእኽቶም ኣመሓላለፉ።

ንጽባሒቱ ንግሆ፣ ሰዓት ሽዱሽተ መሬት ክበርህ ጀመረ። ጸሓይ ኣጸቢቓ ካብ ሰፈራ ከይወጽኣት እንከላ ቀዳመይቲ ጥሩምባ ተነፍሐት።

ዓዲ ምሃብ፡ ብእንስሳታት ሃብታም ብምዃና ኣብኡ ከባቢ ዝዘንብያ ኣዕዋፍ መቓጻሪ የብለንን። ጥሩምባ ምስ ሰምዓ እቲ ጥዑም ድምጸን ከስምዓ ጀመራ። ተወሰኽቲ ኣብዛ ዓዲ ከም ወዓግ፡ ምጹጽላይ፡ ዝኣመሰሉ እንስሳታት ይርከቡ እዮም። ጻጸን ኣንጭዋን ከም ኣብ ኩሉ ዘለዉ እንስሳታት ኣብ ዓዲ ምሃብ እውን ኣለዉ።

ኩሎም ኣህባይ ደቂ ዓዲ ምሃብ፡ ከካብ ዝኸበርዎ ብድድ ብምባል ናብ ቦታ ኣኼባ ተበገሱ። እቶም ኣርሒቖም ዝኸበሩ ኣህባይ ክጎዩ ጀመሩ። ነፍሲ ወከፍ ህበይ ካብ ገረብ ናብ ገረብ፡ ካብ ጎቦ ናብ ጎቦ እናነጠሩ ገሊኦም ቀልጢፎም ኣብ ቦታ ኣኼባ በጽሑ።

ካልኣይቲ ጥሩምባ ተሃርመት። ነፍሲ-ወከፍ ህበይ ኣብ ቦታ ኣኼባ ተረኺቡ፡ ክሳብ ኣኼባ ዝጅመር ከኣ ሃንሕድሕዶም ክዕልሉ ጀመሩ።

ንጉስ ምስ ኣመሓዳሪ ካብ ቤተ መንግስቲ ወጺኦም፡ ናብ ቦታ ኣኼባ ተበገሱ።

ኩሎም ደቂ ዓዲ ምሃብ ንንጉስ ብግዕዶ ክርእይዎ ከኣሉ። ኣመና ድማ ተሓጎሱ። ኣብ ኣፍ ልቦም እናሃረሙ ድማ ሓጎሶም ክገልጹ ጀመሩ።



ንጉስ ምስ ኣመሓዳርን ኣርባዕተ ሓለፍትን ኣብ ቦታ ኣኼባ በጽሑ። እቶም ሽዱሽተ ዓጀብቲ ኣብ ጉድኒ ንጉስ ብምዃን ከባቢኦም ክቈጻጸሩ ጀመሩ።

ንጉስ ኣብ ቦታ ኣኼባ ምስ በጽሐ፡ ሳልሳይ ጥሩምባ ተሃርመት።

ኩሎም ኣህባይ ዘረባ ኣቋሪጾም መልእኽቲ ንጉስ ክሰምዑ ኣእዛኖም ጸለዉ። ኩለን ኣዒንቲ ድማ ናብ ንጉስ ዓለባ።

ኣመሓዳሪ የማናይ ኢዱ ንላዕሊ ሓፍ ድሕሪ ምባል ክዛረብ ጀመረ፡

"ክቡራን ደቂ ዓዲ ምሃብ፡ ኣብ ሰዓትኩም ምርካብኩም ኣዚዩ ኣመስግነኩም። ግዜ ምኽባር ባህልና ምዃኑ ኣዝዩ ባህ ይብለኒ። እምበኣር ሎሚ ካብ ክቡር ንጉስና ሓበሬታ ስለዘለና ብጽሞና ክትከታተሉ እዕድም፡" ኢሉ ኣብ ኣግራብ፡ ኣብ ጎቦ፡ ኣብ ጎልጎል ኮይኖም ዝሰምዑ ዝነበሩ ከባቢ 300 ኣህባይ ኣዒንቶም እናኣኹለለ ጠመቶም። ኣብ በረኽ ቦታ ስለዝነበሩ ንኽርእይዎም ኣይተሸገሩን።

እቶም ኣህባይ ዘጠዘሑ ኮፍ ኢሎም ክከታተሉ እንከለዉ፡ እቶም ኣብ ኣግራብ ዝነበሩ ግን ሰይ ሰይ እናበሉ ብጽሞና ይሰምዑ ነበሩ።

ድሕሪ ኣመሓዳሪ፡ ንጉስ ክዛረብ ጀመረ፡

"ዝኸበርኩም ኣህባይ ደቂ ዓዲ ምሃብ፡ ኣብ ልዕሌኹም ዘሎኒ እምነት፡ ፍቕሪ፡ ሓልዮት መዳርግቲ የብሉን። ንሕና ደቂ ዓዲ ምሃብ ካብቶን ካልኦት ዓድታት እንፈልየሉ ፍቕርናን ጻዕርናን እዩ። ሳላ ጻዕርናን ሳላ ፍቕርናን ድማ ዝሓሸና ኮይንና ኣሎና። ዝሓሸና ኮይንና ድማ ክንቅጽል ኢና። እንተኾነ፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ግን . . ሓደ ደስ ዘየብል ነገር እዕዙብ ኣለኹ፡" ንጉስ ዘረባ ኣቋሪጹ ንኹሎም ቀው ኢሉ ጠመቶም።

ኩሎም ኣህባይ፡ 'እዋእ እንታይ ደኣ ተረኺቡ፧' ብምባል ኣሕሾኽሾኹ።

ኣመሓዳሪ ኢዱ ንላዕሊ ሓፍ ኣቢሉ ሰቕ ንኽብሉ ምልክት ገበረ።

ኩሎም ኣህባይ ዘረባ ኣቋሪጾም ብጽሞና ዘረባ ንጉሶም ክሰምዑ ተዳለዉ።

ንጉስ ንኹሎም ኣህባይ እናተዓዘበ፡

"ህበይ ግርምኡ ጻዕሪ እዩ። ህበይ ናብዘን ናብትን እናበለ ክኣብር እዩ ተፈጢሩ። ህበይ ብበልሑ ድሕሪ ሰብ እዩ ዝሰርዕ። ኣረ ካብ ገሊኦም ሰባትስ ንሕና ንሓይሽ ንኸውን ኢና። ህበይ ተበላሓቲ እዩ። ንኹሉ ዘጋጥሞ ሽግር ተጣበቡ ይሓልፎ። ንሕና ካብ ሰባት ዝተለቃሕናዮ ወይ ዝተመሃርናዮ ዋላ ሓንቲ የለን። ሰብ ግና ካባና ዝተለቅሑን ዝተመሃርዎን ማእለያ የብሉን። ኣብዚ ግዜ'ዚ ግን ሰባት ከልምሱና፡ ህበይነትና ከጥፍኡልና ይጽዕሩ ኣለዉ። ዝ ድማ ክንኸቕሓሉ ይግባእ። እንተዘይነቒሕና ምጥፋእና እዩ። ጽርግያ መስተርሀት ንሽውዓተ ዓድታት ናይ ሰባት መስተርሀት ፈጢራ እያ። ንዓና ግን ተልምሰና ኣላ። ክንደይ ካባኹም ተረፍ ናይ ሰብ ክጸብዩ ኣብ ጽርግያ መስተርሀት ቀንፈዘው ክብሉ ይውዕሉ ኣለዉ፧" ንጉስ ዓው ኢሉ ብምዝራብ ንኹሎም ኣህባይ ኣተኩሩ ጠመቶም።

ኣህባይ ነንሕድሕዶም ተጠማመቱ። ብፍላይ እቶም ኣብ ጽርግያ መስተርሀት ዝውዕሉ፡ ኣዒንቶም ፈጠጥ ኣበሉ። ጉዶም ዝተቐልዐ መሰሎም። ውሽጦም ገለ ሕማቕ ተሰምዖም።

ኩሎም ኣህባይ ብኽእለት ዘረባ ንጉሶም ተማሰጡ።

ይቕጽል

---

## ዕላል ምስ ሃብሮም

# ተመሃራይ....ክሓልም ኣለዎ!

ምስ ገዘኢ ርእሰኺ ከተላልይና፧

ስመይ ሩት ተወልደመድህን እበሃል። ብዕለት 16-04-2012 ካብ ኣቦይ ተወልደመድህን ቦኽረጽዮን፡ ካብ ኣደይ ዛይድ ከርስ ኣብ ዕዳጋ-ሓሙስ ኣስመራ ተወሊደን ዓብየን። ዕድመይ ንመዋእለ ህጻናት ምስ ኣኸለ፡ ኣብ መዋእለ ህጻናት ካናንት ንኽልተ ዓመታት ተማሂረ። ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ክፍሊ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ፍልጠት ክመሃር ከለኹ፡ ካብ ራብዓይ ክፍሊ ኣትሒዘ፡ ክሳብ እዚ ሕጂ ዘለኹዎ ሓሙሻይ ክፍሊ ድማ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣማኑኤል እመሃር ኣለኹ።

ኣብ ትምህርቲ ከመይ ዓይነት ተመሃሪት ኢኺ፧ ናይ ቀዳማይ ሰሚስተር ውጽኢትኺ፧

ኣብ ትምህርቲ ኣዝየ ግዱስቲ እየ። ካብ ቀዳማይ ክሳብ ራብዓይ ክፍሊ ካብ ክፍለይ ቀዳመይቲ። ኣብ 1ይ፡ 2ይን 3ይን ክፍሊ ናይ ዩኒት 2ይቲ ወጺአ። ኣብ ራብዓይ ክፍሊ ኸኣ ካብ ዩኒት ቀዳመይቲ ወጺአ። ኣብዚ ሕጂ ዘለኹዎ ሓሙሻይ ክፍሊ ናይ ቀዳማይ ሰሚስተር ውጽኢተይ፡ ቊጽሪ 99፡ ስነ ፍልጠት 100፡ እንግሊዝ 100፡ ትግርኛ 100፡ ዜግነታዊ ትምህርቲ 100፡ ማሕበራዊ ትምህርቲ 100 ኣምጺአ ኣለኹ። ገምጋም ነጥበይ ድማ 99.83% እዩ።

ሕራይ ሩት መጽሓፍ ጽሒፍኪ ኣለኺ።
ቀዳመይቲ መጽሓፍኪ ድያ፧ ትሕዝቶኣ'ኸ እንታይ እዩ፧

እዛ መጽሓፍ ካልኣይቲ መጽሓፈይ እያ። ኣብ 2021 ኣብ ቤት ትምህርቲ ፍልጠት ካልኣይ ክፍሊ እናተመሃርኩ፡ 'ኢደፈን እቲ ሸማግለ ሓሊቓን' እትብል መጽሓፍ ጽሒፈ ነይረ። እዛ 'ቅንዕና' ዝብል ኣርእስቲ ዘለዋ መጽሓፈይ ድማ ካልኣይቲ መጽሓፈይ እያ። መጽሓፍ 'ቅንዕና' ዓሰርተ ዛንታታት ዝሓቘፈት መጽሓፍ እያ።

ኣብዛ መጽሓፍ ዘለዉ ዛንታታት ካበይ ረኺብክዮም፧



ኣብዛ መጽሓፍ ዘለዉ ዛንታታት ኩሎም ካብ ናይ ህጻናት መደብ ኣብ ተለቪዥን ዝረኣኹዎም እዮም። እቶም ዛንታታት ንቖልዑ መሃርቲ እዮም ኢለ ስለዝሓሰብኩ ክትርጉሞም መዲበ።

እዛ መጽሓፍ ንተመሃሮ እንታይ ትጠቕሞም፧

ናይ ንባብ ጥቕሚ ርዱእ እዩ፡ ኣእምሮኻ የስፍሕ፡ ቋንቋ ክትመልኽ ይሕግዘካ ከምኡ'ውን ከምእትቕዘ ይገብረካ። መጽሓፍ 'ቅንዕና' ድማ ንተመሃሮ ኣብ ኩለንትናኦም ቅኑዓት ንኽኾኑ ትመኽሮም። ናይ ንባብ ዝንባለ ንኸህልዎም ድማ ትሕግዞም።

ነዛ መጽሓፍ ጀሚርኪ ክሳብ እትውድእያ ክንደይ ዝኣክል ግዜ ወሲዳትልኪ፧

ምስ ናይ ትምህርተይ ግዜ እናሳነኹ ስለዝሰራሕኩዋ፡ ጀሚረ ክሳብ ዝውድኣ ከባቢ ሓደ ዓመት ወሲዳትለይ። ኣብ ኮምፒዩተር ባዕለይ ስለዝጸሓፍኩዋ ኣብዚ'ውን ግዜ እበልዕ ነይረ።

ምጽሓፍን ትምህርትን ብኸመይ ተሳንየዮ፧


ኩሉ ግዜ ሰዓት ሽዱሽተ ንግሆ እየ ዝትንስእ። ካብዛ ሰዓት ጀሚረ ድማ ክሳብ ዝማሲ መደብ ኣውጺአ እገዓዝ። ከጽንዕ ጺሒሐ እጽሕፍ፡ ክጽሕፍ ጺሒሐ ድማ ኣጽንዕ። ብሓፈሻ ግዜይ ብመደብ ስለዝሰርዕ ኣብ ትምህርተይ ኣይተሸገርኩን።

ነዛ መጽሓፍ ንኽትጽሕፊ ኣብ ምንታይ ትጽገሚ ነይርኪ፧

ሓደ ሓደ ግዜ ቃላት ይኸብዱኒ ነይሮም። ኣብ ዝተሸገርኩሉ ግዜ ድማ ወለደይን ዓበይቲ ኣሕዋተይ ይሕግዙኒ እዮም።

ንፍዕቲ ኣንባቢት ኢኺ ሰሚዐ። ክሳብ ሕጂ ክንደይ ዝኣኽሉ መጽሓፍቲ ኣንቢብኪ ኣለኺ፧

ክሳብ ሕጂ ከባቢ 100 ዝኾኑ መጽሓፍቲ ኣንቢበ ኣለኹ። ዝበዝሑ ዘንበብኩዎም መጽሓፍቲ ናይ ቈልዑ መጽሓፍቲ እዮም። ሓደ ሓደ ግዜ ድማ ልቢ ወለድ ኣንብብ። ክሳብ ሕጂ ዘይመኽኽዋ መጽሓፍ ግን 'ጊታኖ' እትብል ናይቲ ዘድንቕ ደራሲ ኣቶ ኣለምሰገድ ተስፋይ እያ። ነዛ መጽሓፍ ልዕሊ 12 ግዜ ደጋጊመ ኣንቢበያ ኣለኹ።




ንተመሃሮ መዛኑኺ ዕዉታት ንኽኾኑ እንታይ ትምዕድዮም፧

መጀመርታ ዝኾነ ተመሃራይ ዕዉት ክኸውን እንተኾይኑ፣ ግዜኡ ብግቡእ ክጥቀመሉ ኣለዎ። ኩሉ ግዜ ድማ ዝኾነ ተመሃራይ ዓቢ ስራሕ ክሰርሕ ክሓልም ኣለዎ። ልዕሊ ኹሉ ግን ከንብቡ እመኽሮም።

ተወሳኺ እትመልክዮ . . ፧

ቋንቋ እንግሊዝን ኣምሓርኛን እመልኽ። ተወሳኺ ድማ ፒያኖ ስለዝተመሃርኩ ክዛርም እኽእል።

ናይ መጻኢ መደብኪ ከመይ ይመስል፧

ክሳብ ሕጂ ክልተ መጽሓፍቲ ተርጒመ ኣለኹ። ካብዚ ዘለኹዎ ንኽየዕቢ መጀመርታ ደጋጊመ ከንብብ መደብ ኣለኒ። ብድሕሪኡ ድማ ክጽሕፍ እየ። ናይ መጻኢ ሕልመይ ዶክተር ክኸውን እዩ። ካልኣይ ሕልመይ ድማ ደራሲት ምዃን እዩ።

ኣብዛ መጽሓፍ ዝሓገዙኺ ከተመስግንዮም ዕድል ክህበኪ፧

መጀመርታ ንኣቦይ ተወልደመድህን ቦኽረጽዮን፡ ኣደይ ዛይድ ከርስ ኣዝየ ኣመስግኖም። ንኣሕዋተይ ድማ ኩሉ ግዜ ስለዝሕግዙኒ ኣመስግኖም። ንመምህር መድሃኔ የዕበዮን ንመም. ያቆብ መርሃዊ፡ ንርእሰ መም. ቤት ትምህርቲ ኣማኑኤል ብሉይ በርሀ፡ መምህራነይን ተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ኣማኑኤልን ድማ ብልቢ ኣመስግኖም።

### እተመሳቐለ ቃላት ብስእሊ

| | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| | በ | ጊ | ዕ | | | |
| | ለ | | | | | |
| | ስ | እ | ሊ | | | |
| | | ም | | | | |
| ሸ | ሓ | ኒ | | | | |
| በ | | | | | | ዓ |
| ጥ | ር | ሙ | ስ | | | ራ |
| | | | ረ | ጋ | ቢ | ት |
| | | | | | ን | |
| | | | | | ቶ | |




ሓበን ተስፋሚካኤል

# ‘ዕፉን’ ልዑል ሸውሃት ፎስፎረስ ከምዘለዎ ተፈሊጡ

ኣብ ሕርሻዊ መጽናዕቲ ኣገልግሎት ዝሀቡ ሰለስተ ተመራመርቲ ኢንዲያና - ኣመሪካ፡ ሸውሃት ዘርኢ. ዕፉን ኣብ ፎስፎረስ እንታይ ከም ዝመስል ንምፍላጥ ዝዓለመ ሓዲሽ መጽናዕቲ ኣካይዶም።

እቶም ተመራመርቲ ዶ/ር ቻድ ፔን፡ ዶ/ር ማት ዊትሆርንን ፕሮፈሰር ጀይማስ ካምቤራቶንን ዝተባህሉ ኮይኖም፡ ዝተፈላለዩ ዝተዳቐሉ ዓይነት ዘርኢ. ዕፉን ገይሮም ኣብ መንጎ ዕፉንን ፎስፎረስን ዘሎ ምትእስሳር ከጽንዑ ከም ዝተበገሱ እዮም ዝገልጹ። ንሳቶም፡ ኣብ ናይ ‘መብቁሊ. ክፍሊ.’ (grow room)ን ኣብ ማይ ወይ ሐጻ ዝመልአ ባዞ ናይ ምትካል (hydroponics)ን ኣገባብ ተጠቒሞም ኣብ 2019 ምርምሮም ከም ዝጀመሩ ድማ ይሕብሩ።

ንሳቶም ዝተጠቐምሉ ኣገባብ፡ ንዕፉን ክቈጻጸርዎን ኣብ'ቲ ሐጻ ዝመልአ ናይ ዕፉን ባዞ መዓስን ብኸመይን ፎስፎረስ ከም ዘእትወሉ ብደቒቕ ክፈልጡን ከም ዘካእሎም ሓቢሮም ኣለው። ብዘውሳኺ፡ ንዓቐን ናይ'ቲ ብቃንዮ ዕፉን ዝምጹ ፎስፎሮስ ካብ'ቲ ኣብ ግራት መሬት ዝዓቢ. ዕፉን ንላዕሊ. ኣብ ናይ ምርምር ተኽሊ. ዕፉን ብዝበለጸ ክከታተሉ ዕድል ከም ዝፈጠረሎም ኣብሪሆም።

ኣብ'ቲ ዘካየድዎ መጽናዕቲ፡ እቶም ተመራመርቲ፡ ዕፉን ብዘይ ዝኾነ ዓጋቲ፡ ንምሉእ ግራት ክሸፍን ዘኽእል ዓቕሚ ክህልዎ እንተተኸእሉ፡ ካብ'ቲ ዘድልዮ ዓቐን ንላዕሊ፡ ካብ 25 ክሳብ 80 ሚእታዊት ፎስፎረስ ክወስድ ከም ዘድልዮ፡ መጽናዕቶም ኣጸፊሩዎ ዘሎ ሓቂ. ምዃኑ ኣገንዚቦም።

ኢታኽልቲ ሸውሃቶም ተኸፊቱ ካብ'ቲ ከምዝብዎ ዘድልዮም መጠን ንላዕሊ፡ መግቢ. ክበልዑ ከም ዝኽእሉ ይንገር እዩ። እዚ. ድማ፡ ኣብ ኣመጋግባኦም ሸውሃቶም ይኸፈት እሞ፡ ከም ሰብ ስሱዓት ይኾኑ ማለት እዩ። ዕፉን ድማ፡ ሓደ ኣብነት ናይ'ዚ. እዩ።



ኣብ'ቲ መጽናዕቲ፡ ዕፉን ካብ'ቲ ዘድልዮ ንላዕሊ. ካብ 25 ክሳብ 80 ሚእታዊት ዓቐን ፎስፎሮስ ዝጠልብ ኮይኑ ብምርካብ፡ እቶም ተመራመርቲ፡ “ስሱዕ ኣህላኺ. ፎስፎረስ” ዝብል ስም ክጠምቕዎ ክኢሎም ኣለው። እዚ. መጠኑ ዝሓለፈ. ሸውሃት ኣብ ልዕሊ. ፎስፎረስ፡ ንፍርያት ዕፉን ከጉድሎ ከምዝኽእል'ውን እቶም ተመራመርቲ ስክፍታኦም ኣይሓብኡን።

ብመሰረት'ቲ ኣብ መጽሔት ዘራእትን ኣከባቢ.ን ዝተሓትመ መጽናዕታዊ ጽሑፍ፡ ነፍሲ.-ወከፍ ዘርኢ. ዕፉን ኣብ ምሉእ ፍርያት እኽሊ. ክትበጽሕ፡ ክሳብ 580 ሚሊ. ግራም ፎስፎረስ ከም ዘድልያ ተሻጺሩ ደርከቡ፡ እቲ ዕፉን ካብ'ዚ. ዓቐን ንላዕሊ. ፎስፎረስ ምስ ዝወሰድ ግን፡ ምጉዳል ፍርያት ከጋጥሞ'ን፡ ምንካይ ምንቅስቓስ ኮፐርን ዚንክን ካብ ሱር-ተኽሊ. ዕፉን ናብ እኽሊ. ክርእን ከም ዝዕብር፡ ሓደ ካብ'ቶም ሰለስተ ተመራመርቲ ዶ/ር ቻድ ፔን ኣረዲኡ።

ኣቐዲሞም ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ዕፉን - “ስሱዕ ኣህላኺ.” ናይትሮጂንን ፖታሰዩምን ምዃኑ ተፈሊጡ ነይሩ እዩ። “ስሱዕ ኣህላኺ.” ፎስፎረስ ምዃኑ ግና፡ ክሳብ ሕጂ. ኣይተፈልጠን ጸኒሑ” ክብል ወሲኹ ይገልጽ ዶ/ር ቻድ ፔን።

እቶም ተመራመርቲ ሕርሻ፡ ኣብ ዝመጽእ ግዜ፡ ብዛዕባ ምሕደራ መኣዛታት ኣብ ኢታኽልትን ሓመድን ክጽንዑ ምዃኖም ኣፍሊጦም። ብዘይካ'ዚ፡ ሓረስቶትን ኣብ'ቲ ዓውዲ. ዝሰርሑ ሰባትን ክጥቀምሉ ዝኽእሉ ምስ ፎስፎረስ ተኣሳሲሮም ዝሰርሑ ዓይነት ሶፍትዌራትን ኣፕሊኬሽናትን ከም ዘዳልዉ ከኣ ሓቢሮም።

# ንዝተጎድአ ልቢ. ዝጽግን ፈሳሲ. ይዳሎ

ብሕማም ልቢ. ዝሳቐዩ ሰባት፡ ብሰንኪ.'ቲ ኣብ ኣካሊ.ት ጭዋዳታት ልቢ. ዝወርድ ዘሎ ዕንወት ጉዳይ ዝለዓለ ደረጃ ናይ'ቲ ሕማም'ዮም ዝኾኑ። ሕጂ ግን ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ካሊፎርንያ - ሳንዲያጎ፡ ብሓይሊ. ማይ ዝተቓመመ ብመርፍእ ዝወሰድ ሂወት ዘለዎ ፈሳሲ. (ባዮማተሪያል) ሰሪሖም ኣለው። እዚ. ኣማዕበልሞ ዘለዉ. ፈሳሲ. ኑቲ ብሕማም ልቢ. ዝወረደ መጉዳእቲ ክጽግን ዝኽእልን ሓደስቲ ኣካሊ.ት ልቢ. ንኽበቝሉ ዝሕግዘን ከምዝኾነ ተፈሊጡ።

ዓመታዊ ብሚልዮናት ዝቑጸሩ ሰባት ብሕማም ልቢ. ከም ዝሳቐዩ ጸብጻባት ይሕብሩ። እዚ. ዘሰንበድ ተርእዮ'ዚ፡ ቀረብ ደም ናብ ጭዋዳታት ልቢ. ምስ ዝዕጾ ዘጋጥም ኮይኑ፡ እዚ. ድማ ዋሕዚ. ኦክሲጅን ከልክሉ ኑቲ ሰብ ኣብ ሞት የብጽሖ። ከምኡ'ውን ጉዳይ ተኸታታሊ. ሕማም ልቢ. ገይሩን ድኻም ልቢ. ኣስዒቡን ኣብ ውሽጢ. ሓሙሽተ ዓመት ኑቲ ሰብ ክቕትሎ ከም ዝኽእል ይንገር። ብሰንኪ.'ቲ ተኸታታሊ. ሕማም ልቢ፡ ኣብ'ቲ ዝተጎድአ ክፋል ጭዋዳታት ልቢ፡ ኣብ ልዕሊ. ኣካሊ.ት በሰላ ከምዝማዕበል እዮም እቶም ተመራመርቲ ዘረድኡ።

እዚ. ሕጂ ኣማዕበልምዎ ዘለዉ. ሂወት ዘለዎ ፈሳሲ. ግን ኑቲ ብርቱዕ በሰላ ወሪዱዎ ዘሎ ኣካሊ.ት ልቢ. ክፍውስ ዝኽእልን ኑቶም ኣብ መንጎ ዋህዮታት ጭዋዳ ልቢ. ዝርከቡ ዝተዳኸሙ ናይ ፕሮቲናት መናድቕ ደገፍ ዝሁብን እዩ። እዞም መናድቕ ፕሮቲን ድማ ኑቶም ኣብ ዝሓሸ ደረጃ ዕንወት ዝርከቡ ኣካሊ.ት ልቢ. ሓደስቲ ዋህዮታት ንኸብቁሉ ከተባብዕን ክሕግዘን ዓቕሚ ኣለዎ።



ኑቲ መጽናዕቲ ዝመርሐ ክኢላ ምዕባይ ኣካሊ.ት ካረን ክሪስቲማን፡ ኣብ ምፍዋስ ሕማም ልቢ. እቲ ዝበለጸ ኣማራጺ. ኑቶም ኣብ ልቢ. ዝርከቡ ጭዋዳታት ልቢ. ዝኾኑ ኣካላታትን ዋህዮታትን ዝሓውዩሉ ሜላ ምፍጣር ምዃኑ ጠቒሱ፡ እዚ. ኣማዕበልምዎ ዘለዉ. ፈሳሲ. ሓንሳብ ኣብቶም ኣካሊ.ት እንተደአ ከይዱ ከም ተፈጥሮኣዊ ፕሮቲናት ከገልግልን ንዝተጎድአ ልቢ. ክጽግንን ዝኽእል ከም ዝኾነ ኣብሪሁ።

# ሓደስቲ ሰራውር ደም ንምዕባይ ዝሓግዝ ስነ-ፍልጠታዊ ኣገባብ

ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ያሉ ኣመሪካ፡ ሓደስቲ ሰራውር ደም ከዕቢ. ዝኽእል ስነ-ፍልጠታዊ ሜላ ከምዘማዕበሉ ገሊጾም። እቲ ሜላ፡ ደም ዘጎዓዕዙ መትረብት (ኣርተሪታት) ብሰንኪ. ስብሒ. ምስ ዝዕበሱ፡ ማስርሕ ዙረት ደም ንምቕጻል፡ ሓደስቲ ሰራውር ደም ከዕቢ. ዝኽእልን እኹል ዓቐን ኦክሲጅን ኣብ ኣካላት ከምዝህሉ ዘረጋግጽን ከምዝኾነ ተፈሊጡ። እቲ ሜላ፡ ሕማም ህርመት ልቢ. ኣብ ምፍዋስ ከምዝሕግዝ'ውን ተዘሪቡሉ ኣሎ።



ብሕማም ልቢ. ዝተጠቕዑ ሰባት ኣብ መትረብት ደሞም መዕበስቲ ምስ ኣጋጠሞም፡ ሓደስቲ ሰራውር ደም ከዕብዩ ልሙድ ስለዘይኮነ፡ እቲ ሕማም ናብ ዝኸፍአ ሕማምን ሞትን'ዩ ዘብጽሖም ዘሎ። ብሓገዝ ናይ'ዚ. ሓዲሽ ሜላ ግን ሕሙማት ሓደስቲ ሰራውር ደም ከበቝሉ ስለዘኽእሎም፡ ከምኡ'ውን ኣብ መላእ ኣካሎቶም ብኦክሲጅን ዝተመልአ ደም ከምዝህልዎም ስለዝገብርን እቲ ሜላ ካብ ሕማሞም ከሕውዮም ልዑል እምነት ተነቢሩሉ ኣሎ።

ኣብ ዝሓለፈ. ዓሰርተ ዓመታት ተመራመርቲ ዕብየት ዋህዮታት ከተባብዑ ብዘኽእሉ ወሰናት ኢንዛይማትን ሆርሞናትን ተጠቒሞም፡ ሓደስቲ ሰራውር ደም ንምዕባይ ዘይሕለል ጻዕሪ ከካይዱ ጸኒሖም'ዮም። ክሳብ ሕጂ ግን ዕዉት ውጽኢት ክረኽቡ ኣይከኣሉን። እዚ. ናይ ሕጂ ርኽበት ግን፡ ኑቲ ክካየድ ዝጸንሐ ጻዕርም ዘሐድሶን ንመጻኢ. ዝዕመቑ መጽናዕቲ ንኽካየድ ዘተሓሳስበን እዩ።

ካብ ልቢ. ናብ መላእ ኣካላት ደም ዘብጽሑ መትረብት ምስ ዝዕበሱ፡ ሓደ ሰብ ኣካላቱ እኹል ዙረት ደምን ኦክሲጅንን ክረኽብ ብዘይምኽኣሉ፡ ዕግርኡ ሞት'ዩ ዝኸውን። ኣብ ዓለም ብሚልዮናት ዝቑጸሩ ሰባት ጉዳይ'ዚ. ሕማም ኮይኖም ከምዝለዉ. ጸብጻባት ይገልጹ።

ክኢላታት ሕክምና፡ ሰባት መትረብት ደሞም ብስብሒ. መታን ከይዕበሱ ንዝበልዕዎ መግቢ. ብግቡእ ክሕቅቑ፡ ኣብ ኣመጋግባኦም ድማ ካብ ኮሌስትሮል ናጻ ዝኾኑ ዓይነት ቅብኣት ክጥቀሙ ይመኽሩ።

# “ሓድሽ ክእለት ምምሃር ብልሒ. ሓንጎል ይዕቅብ” ተመራመርቲ

ንሓንጎሎም ብቐጻሊ. ኣብ ሕይል ዝበሉ ዕማማት ዝጸምዱ ብዕድመ ዝደፍኡ ሰባት፡ ካብቶም ከምኡ ዘይገብሩ መዛኑኦም ዝበለጸ ብልሒ. ኣእምሮ ከምዝውንኑ ሓዲሽ መጽናዕቲ ሓቢሩ።

ሰባት ብዕድመ እናደፍኡ ኣብ ዝኸዱሉ ብልሒ. ሓንጎሎም ንኽሕልዉ፡ ንኣእምሮኦም ኩሉ ግዜ ኣብ ስራሕን ካልእን ንጡፍ ክገብርዎ ከምዝለዎም ድማ እቶም ተመራመርቲ ኣተሓሳሲቦም። እዚ. ምስ ዘይገብሩ ግን፡ ኣብ ንጥፈት ዘይተጸምደ ኣእምሮ ዝኸሰር ምዃኑ ክፈልጡ ከምዝግባእ ኣዘኻኺሮም።

እቲ መጽናዕቲ ብዘውሪ ንዝተመርጹ 221 ብዕድመ ዝደፍኡን ምሉእ ጥዕና ድማ ዘለዎምን ሰባት እዩ ተኻዪዱ። ነፍሲ.-ወከፎም ከኣ፡ ኣብ ሰለስተ ጉጅለታት መቓቒሎሞም - ንገለኦም ጉጅለ ትምህርቲ ፎቶግራፍ (ስእሊ.) ወይ ምጽብባቕ ነገራት ክምሃሩ፡ ንገለኦም ናይ ምዝንጋዕ ዙረት ክገብሩ፡ ንገለኦም ጉጅለ ድማ ኣብ ቤቶም ንኣተሓሳስባኦም ዝሕግዝ ከም ምስማዕ መዚቃ፡ ግድላትን ካልእን ንጥፈት ንኽፍጽሙ ተወከሰምዎም። ኣብ'ቲ ንሰለስተ ኣዋርሕ ዝቐጸለ መጽናዕቲ ድማ ነፍሲ.-ወከፍ ጉጅለ ኑቲ ዝተዋህቦ ንጥፈታት ኣብ ሰሙን ን15 ሰዓታት እናተሳተፈት ከምእተካይዶ ተገይሩ።

ኣብ መዛዘሚ ናይ'ቲ መጽናዕቲ፡ እቶም ሓድሽ ክእለት ዝተማህሩ ዓበይቲ ሰባት፡ ማለት ከም ዲጂታል ፎቶግራፍ (ስእሊ.)፡ ምጽብባቕ ወይ ድማ ክልቲኡ ዝተማህሩ ጉጅለ ኣብ'ቲ ናይ ምዝኻር ፈተና ዝበለጸ ምምሕያሽ ዘርኣዩ ኮይኖም ተረኺቦም። እቶም ናይ ምዝንጋዕ ዙረት ዝገበሩን እቶም ኣብ ቤቶም ኮይኖም መዚቃ፡ ግድላትን ካልእ ንኣተሓሳስባኦም ዘሐይል ንጥፈታትን ዘካየዱን ጉጅለ ግና ኣብ ብልሒ. ኣእምሮኦም ዝኾነ ምምሕያሽ ኣየርኣዩን።



ካብ'ዚ. ብምብጋስ ድማ፡ እቶም ኣብ ንጡፍ ትምህርቲ ዝተሳተፉ ጉጅለ ሓድሽ ክእለት ንምጥራይ ብቐጻሊ. ብደሀይታት ይገጥሞምን ኣእምሮኦም ኣብ ቅልጡፍ ሓሳባት ናይ ምልውዋጥ መስርሕ ይኣቱን ስለዝነበረ፡ ዘይከምቶም ካልኦት ክልተ ጉጅለታት፡ ምምሕያሽ ብልሒ. ኣእምሮ ከምዘርኣዩ እቶም ተመራመርቲ ደምዲሞም።

ምስ ዕድመ ዝመጽእ ምንቅልቃል ብቕዓት ኣእምሮ ኣብ ንጡፍ ስርሓት ብምውሳእ ናህሩ ክተሃድኦ ከምዝከኣል ድማ፡ ካብ'ቲ ዘካየድዎ መጽናዕቲ ተበጊሶም ሓቢሮም። ኣብ ዝተፈላለየ ደረጃ ዕድመ ዝርከቡ ሰባት ነዚ. ተረዲኦም ቀጻልነት ብቕዓት ብልሒ. ሓንጎሎም ምእንቲ ክሕልዉ፡ ንኣእምሮኦም ሓድሽ ክእለት ኣብ ዘጥርዩሉ ንጥፈታት ከዋስእዎ ድማ ኣዘኻኺሮም።

# ንቑሕ ደበና

ሄለን መኸታ

## ሕጊ ዓሰርተ ሽሕ ሰዓታት

“ኩብዛ ሰዓት እዚኣ ጀሚረ ሓደ ስራሕ፡ ሞያ፡ ጥበብ ወይ ዝኾነ ትምህርቲ ክጅምር እየ፡” ኢልና ምስ እንሓስብ፡ ብእኡ ኣቢልና ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ንኽንበጽሕ ክንደይ ግዜ ምወሰደልና ንብል?

ኣብ ሓደ ናይ ኣስተምህሮ ኣጋጣሚ ተኣኪቦም ዝነበሩ ተመሃሮ እዛ ሕቶ ምስ ሓተትክዎም፡ “ሰለስተ ወርሒ፡” “ሓደ ዓመት፡” “ክልተ ክሳዕ ሓሙሽተ ዓመት፡” በሉ'ሞ፡ ሓንቲ ተመሃሪት ግን “10 ዓመት” ኢላ መለሰት። ኣብቲ ኣዳራሽ ዝነበሩ ተመሃሮ ናይታ ተመሃሪት መልሲ ምስ ሰምዑ፡ “ዓሰርተ ዓመት ደኣ መን ክጽበዮ፡” ብዘሰምዕ ርእሶ ሒዞም “ኡዉዉዉ” በሉ።

ኣብዚ ተክኖሎጂ ዝዓብለሎ ዘመን፡ ኣተሓሳስባና ተጸልዩ፡ እንደልዮ ነገር ግዜን ጻዓትን ምሃብ ከም ድሕረት ክቑጸር ጀሚሩ ይርከብ። ከይሃለኽካን ግዜ ከይወሰድካን ድሌትካ ምርካብ፡ ዝተፈላለየ ቅጽላት እናተዋህቦ (“ሾርት ካት፡” “ቢዝነስ”) ከም ቅዲ ህይወት ተለሚዱ ንርእዮ ኣለና። ኣብ በበይኑ መራኸቢ ብዙሃን ዝዋደድ መደባት እናተዓዘቡ፡ ብቕልል ዝበለን ዝቐልጠፈን ኣብ ዝደለኻዮ ምብጻሕ፡ ምስ ብልሒ ተሰሪዑ ይርከብ። “ኣበይ እሞ እንተ ዝኾነለይ፡ ሓሳብ ልበይ እንተ ዝሰምረለይ…” ትብል ደርፊ ገዲም ድምጻዊ የማነ ገ/ሚካኤል (ባርያ) ብምግባዝ፡ ናብቲ ክውንነታዊ ህይወትና ክንምለስ።

ማልከም ግላድወል፡ ጸሓፊ መጽሓፍ ‘outlier’፡ ብዛዕባ “ተውህቦ ኣብ ዝካየድ ክትዓት፡ እቲ ብምሁራን ስነ-ልቦና ከይ. ኣንድርሶን ኤርክሶን ክልተ ብጾቱን ኣብ ኮለጅ በርሊን ብ1990 ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ከም መርትዖ ክለዓል ኣለዎ፡” ይብል። እቲ ኣብ ሓደ ናይ ሙዚቃ ኣካዳሚ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ሻዮሊን ዝተባህለ መሳርሒ ሙዚቃ ንዝመሃሩ ዝነበሩ ተማሃሮ ኣተኩሩ ዝተኻየደ'ዩ። ብቕዓቶም ኣብ ግምት ብምእታው፡ ነቶም ኣብ መጽናዕቲ ዝተሳተፉ ተማሃሮ፡ ኣብ ሰለስተ ጉጅለታት ከፊልዎም። ኣብ መጻኢ ኣብ ዓለም ጸብለልቲ ክርእዩ ከዋኽብቲ ተጻወትቲ ሻዮሊን ናይ ምዃን ዓቕሚ ወይ ድጉል ክእለት ዘለዎም ኣብ ቀዳማይ ጉጅለ ተመደቡ። ማእከላይ ውጽኢት ክመዝገቡ ትጽቢት ዝግበረሎም ኣብ ካልኣይ ምድብ ኣተዉ። ሳልሳይ ጉጅለ ኸኣ ነቶም ክእለት ክህሉዎምን ብሉጻት ተጻወትቲ ሻዮሊን ክኾኑን ተስፋ ዋላ ኣይሃልዎም፡ ዕድል እንተ ረኺቦም ግና ኣብ ገለ ቤት ትምህርታት ከም መምህራን ሙዚቃ ተቘጺሮም ክሰርሑ ዝኽእሉ የጠቓልል። ኣብቲ መጽናዕቲ፡ ነዞም ሰለስተ ጉጅለታት ሓደ ሕቶ እዩ ቀሪቡሎም፣ መጀመርታ ሻዮሊን ኣልዒሎም ክመሃሩን ክጻውቱን ካብ ዝጅመሩ፡ ክንደይ ሰዓታት ልምምድ ኣካይዶም?

እዞም ኣብ ሰለስተ ጉጅለ ናይ ምርምር ዝተመደቡ ተመሃሮ፡ ኣብ ተመሳሳሊ ዕድመ እዮም ሻዮሊን ክመሃሩን ክጻወቱን ጀሚሮም፣ ኣብ ከባቢ ሓሙሽተ ዓመቶም። ኣብተን ቀዳሞት ዓመታት፡ ዳርጋ ኩሎም ተመሃሮ፡ ኣብ ልምምድ ዘሕልፉዎ ሰዓታት ተመሳሳሊ'ዩ ነይሩ፣ ብሓርፋፍ ገምጋም ክልተ ወይ ሰለስተ ሰዓት ኣብ ሰሙን ይለማመዱ። ናብ ሸሞንተ ዓመቶም ምስ ኣበሉ፡ ጽልዋ ክፈጥር ዝኽእል ፍልልያት ክርእዩ ጀመሩ። እቶም ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ብቕዓትን ተወዳዳርነትን ንረኽቦም ተመሃሮ፡ ካብቶም ካልኦት ዝበዝሐ ናይ ልምምድ ግዜ የሕልፉ። ኣብ ትሸዓተ ዓመቶም፡ ክሳዕ ሽዱሽተ ሰዓታት ኣብ ሰሙን፣ ኣብ ዓሰርተ ክልተ ዓመቶም፡ ክሳዕ ሸሞንተ ሰዓታት ኣብ ሰሙን፣ ኣብ ዓሰርተ ኣርባዕተ ዓመቶም ከኣ ክሳዕ ዓሰርተ ሽዱሽተ ሰዓታት ኣብ ሰሙን ክጻወቱ ተራእዮም። ካብ ግዜ ናብ ግዜ፡ ብዕላማን ኣተኩሮን፡ ካብ ዝጸንሕዎ ዝሓሸ ክጻወቱ ብምሕላን፡ ኣብ ከባቢ ዕስራ ዕድሚኦም ክሳዕ ሰላሳ ሰዓታት ኣብ ሰሙን ልምምድ የካይዱ። እቶም ምስ ዓበዩ ‘በሃር’ ሙዚቀኛታት ዝኾኑ፡ ኣብ ዕስራ ዕድሚኦም፡ ድሮ 10,000 ሰዓታት ልምምድ ኣካይዶም። እቶም ኣብ ደሓን ብቕዓት ዝተመደቡ ክሳዕ 8,000 ሰዓታት ልምምድ ኣካይዱ። እቶም ኣብ ሳልሳይ ጉጅለ ዝምደቡ ኸኣ ኣስታት 4,000 ሰዓታት ናይ ልምምድ ግዜ፡ ኣብ ተመሳሳሊ ዕድመ፡ ኣሕለፉ።

ኤርክሶንን ብጾቱን፡ ነቲ መጽናዕቶም፡ ኣብ ክኢላታት ተጻወትቲ ፒያኖ'ውን ውጽኢታውነቱ ክፍትሽዎ ፈቲኖም'ዮም። ኣብዞም ክኢላታት ፒያኖ'ውን ተመሳሳሊ ኣሰራርዓ ረኺቡ። ኣማተር ተጻወትቲ ፒያኖ፡ ኣብ ግዜ ቍልዕነቶም ኣብ ሰሙን ካብ ሰለስተ ሰዓታት ዘይሓልፍ ይለማመዱ፣ ኣብ ዕስራ ዓመቶም ኸኣ ክሳዕ 2,000 ሰዓታት ጥራይ ልምምድ የካይዱ። እቶም ብሉጻት ተጻወትቲ ፒያኖ ግን፡ ልክዕ ከም ብሉጻት ተጻወትቲ ሻዮሊን፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ሰዓታት ልምምድ ክብ እናኣበሉ፡ ኣብ ዕስራ ዕድሚኦም ብድምር ክሳዕ 10,000 ሰዓታት ልምምድ የካይዱ። ኤርክሶንን ብጾቱን፡ ዝኾነ ሙዚቀኛ ብተፈጥርኡ ብሉጽ ዝኾነ'ሞ፡ ብዘይ ጻዕርን ድኻምን ወይ'ውን ካብ ሰቡ ንላዕሊ ከይሃለኸ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ብቕዓት ዝበጽሐ ዘይምርካቦም፡ እቲ ዘደንቕ ርኽበት ናይዚ መጽናዕቲ እዩ። ብተመሳሳሊ፡ ዝኾነ ፋሕተርተር ዝብልን ካብ ሰቡ ንላዕሊ ዝጽዕርን፡ ግን ከኣ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ብቕዓት ዘይበጽሐ'ውን ኣይረኸቡን። ስለዚ እዚ መጽናዕቲ ዘርእየና ስእሊ፡ እቲ ኣብ መንጎ እቶም በሃራትን ኣማተርታትን ሞያተኛታት ዝፈሊ ረቛሒ፡ ምጽዓርን ካብ ሰብካ ንላዕሊ ምስራሕን እዩ።

እዚ መጽናዕቲ፡ ኪንዮ ቍጽሪ ረቝሕና ብዕቅን 10,000 ሰዓታት ክንወቅዕ ከም ዕላማ ሒዛና ምኻድ፡ ብኣድህቦ ምልምማድ ከም ዘድሊ የስምረሉ እዩ። እቲ ቀንዲ ሕመረት ናይዚ መጽናዕቲ፡ ካብ ሰብና ንላዕሊ ምልክን ብቕዓትን ክህልወና ምስ እንደሊ፡ ካብ ሰብና ንላዕሊ ክንሰርሕን ክንጽዕርን እዩ። ኣብዚ ዘመን'ዚ ካብ ዘሎ ክጥቀስ ዝኽእል ዕድላት፡ ብዙሕ ከነመዛዝነሉ ንኽእል ሓበሬታ፡ ትምህርትን ምርምራት ስነ-ፍልጠትን እዩ። ይኹን እምበር፡ ነቲ ብልምምድን ስራሕን እነጥርዮ ምልክን ብቕዓትን ሞያ ይኹን ፍልጠት ኣይትክኦን እዩ። ካብ መጽሓፍ ምንባብን ቃላት ናይ ሰባት ምስማዕን ንላዕሊ፡ ነብስና ኣብ ስራሕን ልምምድን ብምጽማድ ክጥረዩ ዝኽእሉ ናይ ነብስናን ከባቢናን ፍልጠት ዝያዳ ክውንነታውያን ይኾኑ። ‘ብኣድህቦ ምልምማድ፡’ ልክዕ ከም ሓደ ክቡር ንብረት በብግዚኡ ገንዘብ ብምውዋህላል ክንገዝኦ ምኽኣል'ዩ። ከምቲ ነቲ ክንዕድጎ ንደሊ ክቡር ንብረት ዝኸውን ዝውህለል ገንዘብ ኣብ ካልእ ዘይነውዕሎ፡ ኣድህቦና'ውን ኣብቲ ክንበጽሖ ንደሊ ዕላማ ወጻኢ ምስ እነውፍሮ ውጽኢትዊ ኣይከውንን። ኣድህቦና ካብ ዕላማና ምስ ዝፍንተት፡ ጻዕርና ብዘይ ኣድህቦ፡ ናብቲ ኣብ መወዳእታ ክንበጽሖ ንደሊ ደረጃ ኣየብጽሓናን። ኩሉ ሞያ ወይ ክእለት፡ ከም ክቡር ዋጋ ዘሓትት ንብረት፡ ኣብ ሓደ ግዜ ከነጥርዮም ኣይከኣልን፣ መጀመርያ ክንመሃሮም ስዒቡ ክንመልኮም የድልየና። በብእዋኑ ግዜናን ጸዓትናን ክንከፍልን ተመኲሮ ከነዋህልልን የድልየና። ንኽፍሎ ዋጋ (ናይ ግዜ፡ ጸዓት፡ ፋይናንስን ካልእን)፡ ብኣተኩሮ ነቲ ንደልዮ ዘለና ብቕዓት ድዩ ዝምልኣልና ዘሎ ወይስ ኣብ ካልእ'ዩ ዝምልእ ምስትብሃል የድሊ። በብግዚኡ ነካይዶም ነኣሽቱ ንጥፈታት ተዋህሊሉ ነቲ ክንበጽሖ ንደሊ ደረጃ መመላእታ ይኾውን። ክልተ ክሳዕ ሰለስተ ግዜ ኣብ ሰሙን ዝጀመረ ልምምድ፡ ሰዓታት እናወሰኸን ተመኲሮና እናዓበየን ብቑዓት ሞያተኛታት ክንከውን የኽእለና። ‘ምሕርማዝ’ ይብል ደራሲ በየነ ሃይለ፣ ንሕና ካብቲ ንዓዮ ንጥፈት ምስ እንዓቢ፡ ‘ምስ ንሕርምዝ፡’ ንሞያና ናትና ፈጠራውነትን ሓደሽ ኩርናዕን ክንፈጥረሉ ንኽእል። ንዓዮ ዕዮ ወይ ሞያ ካባና ንላዕሊ ምስ ዝዓቢ ግን፡ ግዜና ንዘገጠመና ግድል ክንፈትሕ ጥራይ ኢና ከነሕልፍ። ካብ መዓልታዊ ንጥፈታት ሓሊፍና፡ ሓደስቲ ሓሳባት ከነመንጩ ዝኽእል ራሓ ኣይህልወናን። ከም ውጽኢቱ ብዙሕ ሰለዝተርፈና፡ ርእሰ-ተኣማማንነትና'ውን ትሑት ይኸውን።

ነዚ ክልሰ-ሓሳብ ‘ሕጊ 10,000 ሰዓታት’ ዝቃወሙ ተመራመርትን ጸሓፍትን ኣለዉ። እቲ ዘምጽእዎ ምጉት'ውን ኣቐሊልካ ዝርኣ ኣይኮነን። ‘ሓድሽ ፕሪንስቶን’ ኣብ ዝተሰምየ መጽናዕቲ፡ ብኣድህቦ ኣብ ዝተኻየዱ 88 ልምምዳት ናይ ዝተኻየደ ድሕረ-ትንተና፡ ብዙሕ ሰዓታት ብኣድህቦ ምልምማድ ኣብ ገለ ዓውድታት እምበር ኣብ ኩሉ ዓውድታት ከም ዘይሰርሕ ይነግሩ። ካብቲ ዝተረኸበ ድሕረ-ትንተናዊ መጽናዕቲ፡ ኣብ ጸወታ (games) ናይ 26% እወታዊ ፍልልይ የምጽእ፣ ኣብ ሙዚቃ 21%፡ ኣብ ስፖርት 18% ፍልልይ ከምጽእ ከሎ፡ ኣብ ትምህርትን ምስ ምሕሳብ ዝተሓሓዙ ሞያታትን ግን ናይ 4%ን 1%ን ፍልልይ ከም ዘምጽእ ይገልጽ። ስለዚ ብተደጋጋሚ ኣብ ዝዕየ ዕዮታት፡ ልምምድ መሰረታዊ ምኽኑ እዩ እዚ መጽናዕቲ ዘብርህ። ብተወሳኺ፡ ‘ልምምድ’፡ ቀዋሚ ቅርጽን ኣገባብን ኣብ ዘለዎ ዕዮ ውጽኢታዊ ምኽኑ የስምረሉ። “ኣብ ከም ብዓል ንግዲ፡ ምሕደራ፡ መሃዝነትን ካልእ ተመሳሰልቲ ብቐርጺ ዘይቅየድ ዕዮን፡ ብኣድህቦ ንለማመዶ ሕጊ ስለዘይብሉ ውጽኢታዊ ኣይኮነን፡” ይብል። እዚ ምጉት ዝንጸግ እኳ እንተ ዘይኮነ፡ ብኣድህቦ ምልምማድ ኣብ ትምህርትን ምስ ኣእምሮኣዊ ጽምዶ ዝተሓሓዝ ዕዮን እወታ ውጽኢት ኣሎዎ።

ዝበዝሐ ግዜ ዝሃብናዮ፡ ዝበዝሐ ምልከትን ዕቤትን ክነምጽእ ከም ንኽእል፡ ካብ ተመኲሮ ህይወትናን ዛንታ ካልኦት ዕውታትን ክንግንዘብ ንኽእል ኢና። ስለዚ ንእደልዮ ነገር፡ ሕጊ ስለዝኾነ ጥራይ ዘይኮነ፡ ፍቕሪ'ቲ ንዓዮ ዘለና ቀሲብና፡ ከይተጸባጸብና ኩለንትናና እንተ ወፊናሉ፡ ከምቲ ድምጻዊ ኣብርሃም ኣፈወርቂ “ሰማይ'ዩ ደረተይ” ዝበሎ፡ ሰማይ እዩ ክኸውን ደረትና።

ሕጊ 10,000 ሰዓታት ምርዳእ፡ ዓወት ናይ ዕድለኛታትን ደቂ ዕድለኛታትን ዘይኮነ፡ ግዜን ኣድህቦን ናይ ዝኸፈሉን ዝጸዓሩን ምኻኑ ምርዳእ እዩ። እዚ ኸኣ ንኹሉ ክዕወት ዝደለ ተስፋ ዝህብ መልእኽቲ እዩ። ሕጊ 10,000 ሰዓታት ኪንዮ እቲ ንዛረበሉ ዘለና ምልከት ሓደ ሞያ ክህልወና ምግባሩ፡ ኣብ ዕላማና ጽኑዓት ክንከውንን ብግቡእ ጉዕዞና ክንግምግምን ዝሕግዝ ጥበባት'ውን ይምህር እዩ። 10,000 ሰዓታት፡ ናብ መዓልታዊ ተተግባሪ ሰዓታት ምስ መቓቐልናዮ፡ ናይታ ሓንቲ መዓልቲ ዕዮ ዘይምፍጻም እንታይ ዋጋ የኽፍለና ስለእንርዳእ፡ ብመደብና ክንከይድ ነብሰ-ግትኣት ንመሃር። ኣብቲ ንደልዮ ደረጃ ምስ በጺሕና ኸኣ ኹሉ ዝተመኩሮናዮ ጥበባትን ዝኸፈልናዮ ዋጋን ስለእንፈልጥ ዝያዳ ሓላፍነታውያን ንኸውን።





***

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ርእሶም ሃብተ ሃይሉ ኣቦይ ሃብተ ሃይለ ሰለባ ስለ ዝዀረፊ ኣደይ ወ/ሮ ለምለም ገብረሚካኤል ገብረሂወት ናይ መጸምዲ ማሰለ ይተሓለወሉ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ከኣ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንፀ12/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ተኸሰስቲ 1.ዳንኤል የውሃንስ 2.ማቴዎስ የውሃንስ 3.ኣስቴር የውሃንስ 4.ኤልሳ የውሃንስ 6.ጥሩ የውሃንስ 7.ዳዊት የውሃንስ 8. ኢትዮጵያ የውሃንስ፣ ከሳሲ ወረ/ፍ የውሃንስ ሓድጉ ተስፋይ የውሃንስ ንምቅሊት ውርሲ ዝምልከት ክሲ ኣብ ልዕሌኹም ማስራቱ ስለዝኾነ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን21/3/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.32 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ከሳሲ ጣሕ ልምዓትን ወፍርን ኤርትራ ተኸሳሲት ወረ/ፍ ታየ ኣባዩ ወ/ሮ ትዕግስቲ ታዩ ንኽፈ ለቓሕ ውዕል ዝምልከት ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለዝኾነ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/3/24 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቁ.37 ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ወ/ሮ ጉት በራኺ መብራህቱ በዓል ቤተይ የሲፍ ደበሳይ በርሀ ስለዝተሰወኣ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ምብራቅ ኣስመላሽ ገብረሂወት፡ ኣስመላሽ በርሀ ጎንጨ ዝበሃል ሰብ ይጽደቐለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ መንደፈራ

ወ/ሮ ሸዊት ኣርኣያ በሪዩ በዓል ቤተይ ኣቶ ዘርኣ ኣርኣያ ተኽለሚካኤል ስለዝተሰወኣ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/3/24 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ራቕያ ማሕሙድ ሕዝሞ፡ በዓል ቤተይ ኣቶ ጠዓመ ተስፋይ ወልዱ ስለዝተሰወኣ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/3/24 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ተወልደ ኣይነኣለም ገብረሚካኤል፡ ኣቦና ኣይነኣለም ገብረሚካኤል ስለዝዀረፊ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/3/24 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣብርሃ ደብረጼን ገብረስላሴ ምግል ተሪፉ ኣብራሃም ደብረጼን ገብረስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 3/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ዓዲ ኳላ

የርዳኖስ ተኽለ ገብረእግዚኣብሄር ምግል ተሪፉ የርዳኖስ ወልደገብርኤል ገብረስላሴ ሃብተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰምሃር ኣብርሃም ገብረኢያሱስ ምግል ተሪፉ ፋኑስ ኣብርሃም ገብረኢያሱስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተኽለ መድሄ ገብረማርያም ምግል ተሪፉ ተኽለወይኒ መድሄ ገብረማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ደቀምሓረ

ወ/ሮ ዘውዲ ገብረማርያም መጃኙ በዓል ቤተይ መሓሪ ኣብርሃ ፍስሃጽዮን ስለዝተሰወኣ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቂ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ቤት ፍርዲ ሰገነይቲ ከሳሲት ወ/ሮ ትርሓስ ዘርኢሰናይ ተኽሉ ተኸሳሲ ኣቶ ኣባዲ ኣማረ ተሰሞ በዓልቲ ቤትካ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለዘላ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን19/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ለተብርሃን ኒጋሽ መሓሪ ተኸሳሲ ኣቶ ገብረሂወት ገብረክርስቶስ ገብረስላሴ በዓልቲ ቤትካ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለዘላ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ዓረዛ

ከሳሲት ጸጋ ኣስመላሽ ሃብቱ ተኸሳሲ መረሳዕ ክፍላይ ገብረማርያም ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን22/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ወ/ሮ ሳሙኤል ኣፈወርቂ ተስፉ በዓል ቤተይ ተስፋዝጊ ገብረ ዑቕባዝጊ ስለዝዀረፊ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቀይ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኩሕሎ ሰለባ ተስፋይ ስም ወዲ ጓለይ ኣሊሶሞስ ዓወት የማነ ምግል ተሪፉ የኖስ ዓወት የማነ ተባሂሉ ይተኣረመሉ ስለዝበለት፣ ዝቃኣም እንተሎ፡ ን18/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ናጽነት በየነ ገብረመድህን ተኸሳሲ ጠዓመ መሓሪ በርሀ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን12/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

የሴፍ ገብርኣብ ዘወልደማርያም ኣቦና ገብርኣብ ዘወልደማርያምን ኣዴና ለተንኪኤል ተስፋማርያምን ስለዝዀረፉ ንሕና 7 ደቆም ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጽንዓት ኣብርሃለይ የማነ ምግል ተሪፉ ድሌት ኣብርሃለይ የማነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሃና ኣብርሃለይ የማነ ምግል ተሪፉ የዲት ኣብርሃለይ የማነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጽገረዳ ተስፋምካኤል ንጉሰ በዓል ቤተይ ተኽለኣብ ገብረጻድቕ ሕደጎ ስለዝዀረፊ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣብርሃ ታደሰ ምግል ተሪፉ ኣቤል ታደሰ ኣብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ዓዲ ቐይሕ

መና ሰዒድ ዒሳ ምግል ተሪፉ መና መሓመድ ሰዒድ ዒሳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ሰንዓፈ

ተወልደ ብርሃ ካሕሳይ ወልዱ ምግል ተሪፉ ተወልደ ካሕሳይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ብርሃን ዑቕበ ብርሃ ምግል ተሪፉ ብርሃን ዑቕበ ብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቡዲት ገብረ ምግል ተሪፉ ኣቡዲት ገብረሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ተስፋሚካኤል ገብረእግዚኣብሄር፡ ወደይ ኣብርሃለ ተስፋሚካኤል ገብረእግዚኣብሄር ስለዝዀረፊ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ትርሓስ ሰዩም ተስፉ ተኸሳሲ ኣብርሃም ገብረ ገብረስላሴ፡ ኣድራሻኻ ስለዝተሳኣነ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን25/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ከሳሲት ምሕረት ገብረስላሴ ተኸሳሲ ጸጋይ ገብረትንሳኤ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን25/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ሰ/ቀ/ ባሕሪ ጊንዳዕ

የዕበዮ ኣብርሃም ገብረሃንስ ምግል ተሪፉ መሓመድ ኣብርሃም ገብረሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ን/ዞባ ባጽዕ

ሚለን ዓንደብርሃን መዝገበ ምግል ተሪፉ ሳባ ብርሃ ገብረስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ዓንሰባ ዓዲ ተከሌዛን

ጸጋ ተስፋማርያም ግለኡ ምግል ተሪፉ ጸጋ ተስፋንከኤል ግለኡ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ዓንሰባ ከረን

ዘይኑብ ሓመድ መሓመድ ምግል ተሪፉ ዘይኑብ ሓምድ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተኽለዝጊ ብርሃ ዘርኤ ምግል ተሪፉ ተኽለዝጊ ኣብርሃ ዘርኣ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መርዋ እድሪስ ዓቡዱ ምግል ተሪፉ ሰፋእ እድሪስ ዓቡዱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ጋሽ ባርካ ባረንቱ

ወ/ሮ ኣድሓኑት በራኺ ተማኑ በዓል ቤተይ ኣብርሃ ምስጉና ኣረጋይ ስለዝተሰወኣ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሂወት ሃይለ ገብረስላሴ፡ ንርኣዮ ወልደገብርኤል ስለዝተሰወኣ ሓዳር ስለዘይብሉ ወዱ ት/ዕድመ ሳሙኤል ንርኣዮ ወራሲኡ ምዃኑ ይረጋገጸሉ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሰላም ግርማይ ተከሉ፡ በዓል ቤተይ ኣቶ ሙሉእብርሃን ተኽለ ዑቕባሚካኤል 7ተ ዓመት ደሃይ ስለዘይብሉ ቃል ኪዳነይ የውርደለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 13/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

የማነ ሄለ ኣድሓና፡ ኣዴና ኣበባ ሃይለ ወልደማርያም ስለዝዀረፈት፡ ንሕና 7 ደቃ ወረስታ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ዓሻ ዳውድ ኣደም፡ በዓል ቤተይ ኣቶ መሓመድ ኣሕመድ ሽጋ ስለዝተሰወኣ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቀይ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/3/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ከሳሲ ኣቶ ዓንደጼን ተኽለኣብ ፍስሃጼዮን፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ኣስቴር ብርሃ ገ/ሂር፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን20/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሻምብቆ

የዕበዮ ለኣከ ገብረእየሱስ ምግል ተሪፉ የዕበዮ ወልደሚካኤል ገብረእየሱስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ዞ/ደ/ቀ/ባሕሪ ዓሰብ

ከሳሲት ወ/ሮ በሊይሽ ርእሶም፡ ተኸሳሲ ተወልደመድህን ገብረገርግስ እምኑ፡ በዓልቲ ቤትካ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለዘላ፣ን10/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ወ/ሮ ሳባ መሓሪ ገብረኪዳን፡ በዓል ቤተይ ብርሃ ሃብተስላሴ ስለዝዀረፊ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሀርከሴ ውዓይ በሬንቶ ምግል ተሪፉ ማሕሙድ መሜ ዑመር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣሰፋሽ ኣርኣያ፡ በዓል ቤተይ ተኽለ ረዳ ፅንድኣሉ ስለዝዀረፊ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣነ ሪና ሚኣኒ ሉዊጂ ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ገጀረት ከባቢ/ ዚፕ/ኮድ ገጀረት 1A177 ጐደና 177-9 ቁጽሪ ገዛ 20 ፕሎት 10 ፓርሰል N ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛይ ኣብ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ብመለለዪ ቁጽሪ ንብረት 1/008245 ብዕለት 30/03/2017 ብስመይ ተመዝጊቡ ዋንነቱ እተረጋገጸ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛይ ስለ ዝሸጥክዎ'ሞ ስም ዋንነት ናብ ስም ዓደግቲ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን የቕርብ።

ወ/ሮ ሪና ሚኣኒ ሉዊጂ
ወኪል ኣቶ ግርማይ የውሃንስ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

厄特四川矿产建设有限公司
ERITREA-SICHUAN MINERAL CONSTRUCTION CORP. LTD.

## Vacancy Announcement

Eritrea Sichuan Mineral Construction CORP. LTD. (ESMC) is inviting applicants for the following position for Asmara project sites.

**Position:** Equipment Engineer
**Place of Work:** Emba Derho Site
**Required Number:** 01
**Contract Type:** Indefinite

**1) Major Duties and Responsibilities**

- Visit site to guide subcontractors install and test equipment for proper functioning.
- Provide consultancy to subcontractors' equipment commissioning.
- Provide technical assistance in installation and maintenance of equipment.
- Help subcontractors analyze equipment malfunctions and failures and accordingly develop corrective actions.
- Develop improvements to enhance equipment reliability and scalability.
- Develop preventive maintenance procedures to reduce equipment failures.
- Work with subcontractors to monitor equipment performance and suggest improvements.
- Maintain documentations for equipment installation, maintenance and troubleshooting procedures for reference purposes.
- Provide 24×7 support for troubleshooting equipment.
- Develop cost-reduction initiatives while still maintaining quality and productivity.
- Provide assistance and conduct job trainings for employees as needed.
- Act as primary contact for equipment performance related questions and concerns.

Tel: 291-1-113439   St. Abo, zip178 No.14 Nishtey Gejeret   P.O. Box 4832   ASMARA – ERITREA

---

ንሕና ወረስቲ ኣፍሰዉር ምሕረት መረሰዕ ወልዱ፡ ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ፡ ጎደና ሮራ መንሳዕ ዚፕ 1A117 ፕሎት 46፡ ፓርሰል-J ስፍሓቱ መሬት 136.32 ት/ሜ፡ ቁ ሊብረቶ 123344 ዘይንቀሳቐስ ንብረት ብውርሲ ናብ ስምና ክመሓላለፈ ስለ ዝደለና፡ ዝቃወም እንተሃልዩ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ መውዓእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ።

ወረስቲ ኣፍሰዉር ምሕረት መረሰዕ ወልዱ

---

ኣብ ኣስመራ ዞባ 6 ምም/10 ጎደና 800 ቁ.ገዛ 62 ዝርከብ ብቑ.ምስክር ወረቐት 120347 መወከሲ ቁጽሪ 120086 ብስም ወረ/ኛ ስብሃቱ ገብረክርስቶስ ወ/ሮ ለተስላሴ ቀሊታ ምስ 5 ደቆም ናይ ዝተመዝገበ ሊብሬቶ ገዛ ስለዝጠፍኣና፡ ዝረኸቦ ወይ ብዕዳ ሐዚዎ ዝብል እንተሃልዩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ብቑጽሪ ቴሌፎን 07177683 ክሕብረና፣ እንተዘይኮይኑ፡ መተካእታኡ ክወሃበና ምዃኑ ንሕብር።

ወከል ዓደግቲ ኣቶ ተወልደ ኣሰፍሃ

---

ኣመልከትቲ፡ 1.ቪቺያና በትካሊ 2.ፍራንቸስካ በትካሊ 3.ሎሮሶ በትካሊ ብወከል ኣቶ ኢሳቕ ሃብተ ኣብሎም፡ ኣብ ምም. ን/ዞባ ገዛ ጥንዳ ጥቓ ባር ተስፉማርያም ኣብ ቁጽሪ ካንሽሎ በትካሊ ፔትር ንብረት ኣቐሚጥኩም ዘሎኹም፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ክተልዕሉልና ንሕብር። ኣብዚ ዝተጠቕሰ መዓልታት እንተ ዘየልዓልኩሞ ተሓተትቲ ከምዘይኮና ንሕብር።

ወከል ኣቶ ኢሳቕ ሃብተ

---

ኣነ ናይ ብዓል ቤተይ ኣፍ/ምስዮና ሰረቐ ኣባይ ብዓልቲ ማሰል ምዃነይ፡ ደቂ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ኮ/ቤ/ፍ ማይተመናይ ብቑ.መ.221/2019 ብዕለት 06/01/2020 ተረጋጊጹልና ኣሎ። በዚ መሰረት ኣብ ኣስመራ ምም/ን/ዞባ ማይተመናይ ጎደና ዚፕ ኢጋዳና ዘሎ ዋንነት ቁጽሪ 100658 መወከሲ ቁጽሪ 123785/102509 ብስም ብዓል ቤተይ ኣፍ /ምስዮና ሰረቐ ኣባይ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ናይ'ዚ ዝተጠቕሰ ገዛ ኦርጂናል ምስክር ምዝገባ ዋንነት ስለዝጠፍኣና፡ ብዕዳ ሐዚዎ ወይ ረኺበዮ ዝብል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ብቑጽሪ ተሌፎን 07131350 ክሕብረና፣ እንተዘየለ፡ ከኣ ካልእ መተካእታ ኦርጂናል ክወሃበና ምዃነይ እሕብር።

ወ/ሮ ዝማም ገብረክርስቶስ ገብረማስቀል

---

ኣነ ኣቶ ገብረክርስቶስ ተኸለ ካሕሳይ ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ጎዳይፍ ዚፕ ኮድ Godayif/1A714፡ ጎደና—ዝርከብ ኣብ 312 ት/ሜ ዝተደኮነ፡ ኣድራሻ ካርታ 1A714/100/405፡ ብመለለዪ ገዛ ASD00012542 ብስመይ ዝተመዝገበ ገዛይ ንወደይ ሙሴ ገብረክርስቶስ ተኸለ ብህያብ ስለዝሃብክዎ'ሞ ናብ ስሙ ክመሓላለፈሉ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ሐዙ ናብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ።

ኣቶ ገብረክርስቶስ ተኸለ ካሕሳይ

---

## Notice

Notice is hereby given to the public that Savanna International Hotel Private Limited Company convened an extraordinary general meeting of its shareholders on February 2024, at 10:00 am and passed a resolution that Mr. Tesfalidet Abrham Tekle is hereby appointed as manager of the Company for unlimited period of time.

Savanna International Hotel Private Limited Company.

# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## ቅነ ስፖርት እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ ተኸፊቱ

ስፖርታዊ ግጥማት እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ፡ “ስፖርታዊ ውድድራትና፣ ንቐሎ ንልምዓት፣ ድሉዋት ንኸሎ እንተታት፣” ብዝብል ቴማ፡ ትማሊ ዓርቢ 1 መጋቢት፡ ኣዛዚ እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ ብ/ጀነራል ሓድሽ ኤፍሬም፡ ሓለቓ ስታፍ እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ ብ/ጀነራል ፍጹም ገ/ህይወት፡ ኣዘዝቲ ሰራዊትን ሰራዊትን ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ሜዳ መትከል ኣብዩት ውድድራቱ ፈሊሙ።

ኣብቲ ናይ መኽፈቲ ዕለት፡ ቀዲመን ንሜዳ ዝኣተዋ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ጋንታታት ብድሆን ባርዕን እየን ነይረን። ጸወታ ብዕብለልነት ጋንታ ብድሆ እኳ እንተቐጸለ ክሳዕ ዕረፍቲ ግን ሸቶ ኣይተመዝገበን። ድሕሪ ዕረፍቲ ኣብ ዝቐጸለ መኣጢ ጸወታ፡ ኣብ መበል 49 ደቒቕ ተጻዋቲት ጋንታ ብድሆ ዲና ሃብትኣብ ሸቶ ብምምዝጋብ ንጋንትኣ መራሕነት ኣትሒዛታ። ተወሳኺ ሸቶ ብዘይምቑጻሩ ጸወታ ብዓወት ጋንታ ብድሆ 1-0 ተዛዚሙ። ኣብቲ ግጥም ናይ ጋንታ ብድሆ ኮኾብ ተወልደ ብልጽቲ ተጻዋቲት ተጻዊዓ።

ኣብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ናይ ዓሚ ሻምፕዮን ዝኾኑት ጋንታ ባርዕን ጋንታ ብድሆን ቀጺለን ናብ ሜዳ ዝወረዳ ጋንታታት እየን። እዘን ጋንታታት ‘ደርቢ ተወርዋሪ’ ተባሂለን እየን ዝጽወታ። ኣብ መንጎአን ዘሎ ስፖርታዊ ህልኽ፡ ገና ከይተጀመረ ከሎ’ዩ ኣቓልቦ ስሒቡ። ቀዳመይ እብረ፡ ህልኽ ብዝመልኦ ጸወታ ብዘይ ዝኾነ ሸቶ’ዩ ተዛዚሙ። ድሕሪ ዕረፍቲ ኣብ ዝቐጸለ ጸወታ፡ ኣብ መበል 57ን 68ን ደቒቕ ኣከታቲሎም ተጻወትቲ ጋንታ ብድሆ ኣሌክሳንደር ንጉሰን በርኸት መንግስትኣብን ሸቶታት ብምምዝጋብ ንጋንቶም መራሕነት ኣትሒዞም። ኣብ ዝቐጸለ ደቓይቕ ተወሳኺ ሸቶ ብዘይምምዝጋቡ ድማ ጋንታ ብድሆ 2-0 ተዓዊታ። ኣባል ጋንታ ብድሆ ቀሺት ቴድሮስ ከኣ ብሉጽ ተጻዋታይ ተረቒሑ።

ስፖርታዊ ግጥማት እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ፡ ኣብ መንጎ 7 ጋንታታት፡ ብዝተፈላለዩ ስፖርታዊ ውድድራት ንኣስታት 2 ወርሒ ክቕጽል ምዃኑ ሓበሬታን ገብገብን ናይ’ቲ እዚ ኣፍሊጡ።



## ጋንታታት ቀዳማይ ዲቪዥን ኣብ ወሳኒ ጸወታታት



ግጥማት ሻምፕዮን ጋንታታት ኩዕሶ እግሪ ዲቪዥን ‘ኤ’ ዞባ ማእከል፡ ጽባሕ ሰንበት ንሓሙሻይ ግዜኡ ኣብ ስታድዮም ኣስመራ ክቕጽል ምዃኑ ህዝባዊ ርክብት ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል ሓቢሩ። ኣብዚ ካብ ሰዓት 2፡00 ድሕሪ ቀትሪ ጀሚሩ ዝካየድ ውድድር፡ ቀይሕ ባሕሪ ምስ ኣልታሕረር ደንደን ድማ ምስ ኩብንያ ሰምበል እየን ግጥማተን ክካየዳ። ፈላሚ ግጥም ናይዚ ዕለት ኣብ መንጎ ሻምፕዮን ደንደንን ኩብንያ ሰምበልን እዩ ክሰላሰል። ዓባይ ክሉብ ደንደን ኣብዚ ውድድር ብ10 ነጥቢ ምስ ቀይሕ ባሕርን ኣልታሕረርን ተመዓራርያ ኣብ ቅድሚት’ያ ተሰሪዓ ዘላ። ናይ ሻምፕዮን ክብራ ንምዕቃብ ድማ ኣብዚ ናይ ጽባሕ ግጥም ነጥቢ ከይተጥፍኤ ተጠንቂቓ እያ ክትጻወት። ኩብንያ ሰምበል ኣብዚ ናይ ለሚ ዓመት ናይ ሻምፕዮን ውድድር ብጽቡቕ ኣይጀመረትን ዘላ። እዛ ጋንታ ኣብ ፋልማይ ጸወታኣ ካብ ገዛ ጥንዳ ዝወሰደተን ሰለስተ ነጥቢ ሒዛ ኣብ ሓሙሻይ ደረጃ’ያ ተሰሪዓ ዘላ። ኣብዚ ናይ ጽባሕ ሰንበት ጸወታ፡ ደንደን ብዘለዉዋ ብሉጻት ተጻወትቲ ዝያዳ ጽብለል ክትብል ከም እትኽእል ዝገለጸኒ እንተኾኑ ጉልበታት ተጻወትቲ ኩብንያ ሰምበል እውን ደረጃኦም ንምትዕርራይ ሰናፋት ኮይኖም ከም ዘይቀርቡ ፍሉጥ’ዩ። ስለዚ እዘን ክልተ ጋንታታት ምሉእ ሰለስተ ነጥቢ ንምውሳድ ቅልጥፍ ዝመልኦ ጸወታ ከርእያ ከም ዝኽእላ ብኣግኡ ተገሚቱ ኣሎ።

ቀጺለን ሰዓት 4፡00 ድሕሪ ቀትሪ ንሜዳ ዝኣትዋ ቀይሕ ባሕርን ኣልታሕረርን እየን። እዘን ክልተ ጋንታታት ኣብዚ ውድድር ማዕረ ነጥቢ ሓዚን’የን ዝጓሰጓሳ ዘለዋ። ኣብ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ናይ ሻምፕዮን ውድድር ቀይሕ ባሕሪ ድሕሪ ደንደን ካልኣይ ተርታ ሒዛ ውድድራ ከም ዝወደኣት ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ብመጠኑ ዘውደ እትእለ ኣልታሕረር ከኣ ተወዳዳሪት ብምዃን ተሸላሚ ኑሓስ መዳልያ ኮይና ምንባራ ኣይርሳዕን። ኣሰልጣኒ መጠነን ዘውደ ዝሓለፈ ሰሙን ብክሉብት ቀይሕ ባሕርን ደንደንን ተባሂሉ ንዘሎ ናይ ሻምፕዮንነት ክብሪ ንምምንጣል ኣበርቲዑ ይሰርሕ ከም ዘሎ ሓቢሩ ኣሎ’ዩ። ስለዚ ጽባሕ ሰንበት ኣንጻር ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ዝዕበሮ ግጥም ጥንቃቐ ዝመልኦ ስልቲ ጸወታ ክኽተል ምዃኑ ርዱእ ይመስል።

ቀይሕባሕሪ ዝሓለፈ ዓመት ብጹብለልታ ሸቶ ተበሊጻ’ያ ናይ ሻምፕዮንነት ክብራ ንደንደን ኣረኪባታ። ኣሰልጣኒ ናይዛ ክሉብ ኤርሚያስ ተወልደ፡ ዝሓለፈ ዓመት ዝኸሰርዎ ክብሪ ለሚ ዓመት ክደግምዎ ከም ዘይክኣሉ’ዩ ኣብ ተጻወትቱ ብምትእምማን ዘረድአ። ንሱ እዚ ናይ ጽባሕ ሰንበት ጸወታ ሓደ ካብ ወሰንቲ ጸወታታት ናይዚ ውድድር ምዃኑ’ዩ ዝኣምን።

በዚ ኮይኑ በቲ ስታድዮም ኣስመራ ጽባሕ ሰንበት ንሰለስተ መራሕቲ ናይዚ ውድድር ከኣንግድ ድሉው ኮይኑ ኣሎ።

### መደብ ጸወታ

ፕሪመር ሊግ

ሰዓት 5፡00 ድ/ቀ

ብረንትፎርድ ምስ ቸልሲ

ኤቨርተን ምስ ዌስትሃም

ፉልሃም ምስ ብራይተን

ኒውካስል ምስ ዎልቭስ

ኖቲንግሃም ምስ ሊቨርፑል

ቶተንሃም ምስ ክሪስታል ፓላስ

ሰዓት 7፡30 ምሸት

ሉቶን ታውን ምስ ኣስቶንቪላ

## ኤርትራ ኣብ ግጥማት መላእ ኣፍሪቃ ብ35 ስፖርተኛታት ክትወዳደር እያ

ኤርትራ ካብ 8 ክሳብ 23 መጋቢት ኣብ ኣክራ ጋና ኣብ ዝካየድ ግጥማት መላእ ኣፍሪቃ ክትሳተፍ ምዃና ካብ ቤት ጽሕፈት ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ ኣፍሊጡ። ኣብዚ ለሚ ዓመት ንመበል 13 ግዜኡ ዝካየድ ዘሎ ውድድር፡ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ብሓሙሽተ ዓይነታት ስፖርት ማለት ብቕድድም ብሽክሊታ፡ ኣትሌቲክስ፡ ምሕንባስ፡ ባድሚንተንን ቸዝን እያ ክትወዳደር። እቲ ብድምር 60 ኣባላት ዘለዉዎ ጉጅለ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ድማ ደሮ ናብ ከተማ ኣክራ ከምርሕ ጀሚሩ ኣሎ።

ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክሊታ ኤርትራ፡ ኣብዚ ውድድር ኣብ ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ብሾዱሽተ ተቐዳደምቲ እያ ክትወከል። ኣሰልጣኒ ሳምሶም ሰለሙን ንተቐዳደምቲ ኦሎምፒካዊ መርሃዊ ቅዱስ ሄኖክ ምሉእብርሃን፡ ኣኽሊሉ ኣረፋይነ፡ ዳዊት የማነ፡ ናህም ዘርኣይን ሚልኪያስ ማእከለን ሒዙ ናብዚ ውድድር ከም ዝምርሕ ክፍለጥ ከሎ፡ ኣሰልጣኒ የናስ ዘካርያስ ከኣ ንተቐዳደምቲ ኣድያም ዳዊት፡ ብርኽቲ ፍስሃየ፡ ቀሺት ወልደሚካኤል፡ ሞናሊዛ ኣርኣያ፡ ሱዛና ፍስሃን የርዳኖስ ርእሶምን ክኣሊ መዘኑት ተዋሂቦዎ ኣሎ።




ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክሊታ ኤርትራ ኣብዚ ናይ ለሚ ዓመት ግጥማት መላእ ኣፍሪቃ ኣብ ሓሙሽተ ዓይነታት ውድድር’ያ ክትሳተፍ። ኣብ ናይ ጽርግያ ውድድር፡ ኣብ ውድድር ክራይተርዩም (ተደጋጋሚ ቅጽበታዊ ውድድር ዘለዎ ጸወታ)፡ ኣብ ናይ ጋንታ ናይ ግዜ ውድድር፡ ኣብ ናይ ውልቂ ናይ ግዜ ውድድር ከምኡ’ውን ኣብ ሕውስዋስ ምቕብባል (mixed relay) ብድምር ብ12 ተቐዳደምቲ ክትወዳደር ምዃና ተረጋጊጹ ኣሎ።

ኣብ ታሪኽ ግጥማት መላእ ኣፍሪቃ፡ ዛጊት 50 ሃገራት እንተወሃሊዶ ሓንቲ መዳልያ ዓቲረን ኣለዋ። ኤርትራ ኣብ ታሪኽ ናይዚ ውድድር ኣብ ኣርባዕተ እዋናት ብድምር 13 መዳልያታት ኣለዋ። ካብዚ እቲ ሓሙሽተ ወርቂ ክኾውን ከሎ ሓሙሽተ ብሩር ሰለስተ ድማ ኑሓስ ይርከቦ።

ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክሊታ ኤርትራ፡ ኣብዚ ናይ ለሚ ዓመት ውድድር ነቲ ኣቐዲማ ኣብዚ ውድድር ዝረኸበቶ መዳልያታት ክትወስኸሉ ልዑል ትጽቢት’ዩ ተነቢሩላ ዘሎ። ዝበለጸ ተቐዳዳማይ ኣፍሪቃ ሄኖክ ምሉእብርሃን ካብቲ ኣብ ሰዑዲ ዓረብ ዘጋጠሞ መውደቕቲ ሓወዩ ናብዚ ውድድር ምእታዉ ንሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክሊታ ኤርትራ ዓቢ ረብሓ ምዃኑ’ዩም ፈላጥት ቅድድም ብሽክሊታ ዘረድኡ። እዛ ጋንታ ኣርባዕተ ካብኦም ቅድሚ ሓደ ሰሙን ኣብ ዙር ርዋንዳ ታሪኽ ዝሰርሑ ተቐዳደምቲ ምሕቋፉ እውን ካብ ብልጫታታ ምዃኑ’ዩ ዝኣመን። ዝሓለፈ ሰሙን፡ ኣኽሊሉ ኣረፋይነ ኣብ ዙር ርዋንዳ ምስ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ተሸላሚ ሜልያ ብሉጽ መንእሰይ ተቐዳዳማይን ብሉጽ ኣፍሪቃዊ መንእሰይን ከም ዝኾነ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ዳዊት የማነ ከኣ ሜልያ ጀርመናዊት ክሉብ ባይክ ኤይድ ወደዩ ሽልማት ሜልያ ብሉጽ ኣፍሪቃዊ ተቐዳዳማይ ከም ዝወሰደ ኣይርሳዕን። ኦሎምፒካዊ ተቐዳዳማይ መርሃዊ ቅዱሳን ናህም ዘርኣይን እውን ንዘጋጠሞም መውደቕቲ ብዳህም ኤርትራ ካብ 19 ተሳቲፍቲ ጋንታታት ኣብ ቅድሚት ክትስራዕ ዝለዓለ ተራ ከም ዝተጻወቱ ኣይርሳዕን። ናብዛ ጋንታ ተጸንቢሩ ዘሎ ትሰፋው መንእሰይ ተቐዳዳማይ ክሉብ ኣስቡኮ ሚልኪያስ ማእከለ እውን ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ወሸጢ ሃገር ብዘርኣዮ ብቕዓት ዘውዲ ሻምፕዮን ዞባ ማእከል ክደፍእ ዝኸኣለ ተቐዳዳማይ እዩ። ስለዚ፡ እዛ ሃገራዊት ጋንታ ሒዛቶም ብዘላ ብሉጻት ተቐዳደምቲ ኣብዚ ውድድር ብመዳልያ ከተገጽ ዝጽግም ከም ዘየለ ይሕበር።

ሃገራዊት ጋንታ ኣትሌቲክስ ኤርትራ ኣብ ናይ ለሚ ዓመት ግጥማት መላእ ኣፍሪቃ ካብ 100 ሜትሮ ክሳብ ፍርቂ ማራቶን ኣብ ዘሎ ርሕቀት’ያ ክትወዳደር። ኣብ ግጥማት መላእ ኣፍሪቃ ንኤርትራ ናይ ፈለማ መዳልያ ዘምጽአ ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ዘርእሰናይ ታደሰ ምዃኑ ዝፍለጥ’ዩ። ለሚ ዓመት ከኣ 16 ኤርትራውያን ኣትሌታት ኣብ ዝተፈላለየ ርሕቀት ተወዳደርም




ተመሳሳሊ ክብሪ ንምድጋፍ ድሉዋት ኮይኖም ኣለዉ። ሃገራዊት ጋንታ ኣትሌቲክስ ኤርትራ ኣብዚ ውድድር ብኣሰልጣንቲ ገብረሂወት ኣረፋይነን ዓብዩልከሪም መሓመድን እናተኣልየት እያ ውድድራ ክተካይድ። እዛ ሃገራዊት ጋንታ ከም ኣትሌት ሳምሶም ኣማረ፡ መርሃዊ መብራህቱ፡ የብል ዘርኢት፡ ዳዊት ሰዓረ፡ ክብሮም ገብረእግዚኣብሄርን ካልኦትን ዝኣመሰሉ ብሉጻት ኣትሌታት’ያ ሓቚፋ ዘላ። ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ከኣ ኣትሌታት ሮብቶ ሃብተስላሴ፡ ርዛ ሳሌ፡ የርዳኖስ ሃብተስላሴን ካልኦትን ተጠርኒፈን ኣለዋ። ምስ ሃገራዊት ጋንታ ኣትሌቲክስ ኤርትራ ተጠርኒፎም ዘለዉ ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ኣትሌታት፡ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ሪጋ ላቲቪያ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ጽርግያ ሻምፕዮን ኣትሌቲክስ ዓለም ዘተባብዕ ወጽኢት ኣመዝጊቦም ምንባሮም ኣይርሳዕን።

ሃገራዊት ጋንታ ምሕንባስ ኤርትራ፡ ኣብዚ ውድድር ሓንቲ ካብ ተወዳደርቲ ጋንታታት ክትከውን ከም ትኽእል’ያ ዝገለጸ። ኣብ ዝሓለፈ ኣብ ርዋንዳ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ዞን 3 ናይ ኣፍሪቃ ውድድርን ኣብ ዶሓ ቀጠር ኣብ ዝተኣንገደ ሻምፕዮን ምሕንባስ ዓለምን ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ብሉጽ ወጽኢት ከተመዝግብ ከም ዝኸኣለት ይፍለጥ። ኣብቲ ኣብ ርዋንዳ ዝተኻየደ ውድድር መዳልያታት ዝዓተረ ሓንስቲ ሄርሜላ ንጉሰን ክርስቲና ቶማስ ራቺን፡ ሜልያ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ወደየን ክውዳደራ ተመሪጸን ዘለዋ እየን።

ኤርትራ ብዘይካ’ዚ፡ ኣብ ውድድር ባድሚንተንን ቸዝን እውን ክትወዳደር’ያ። ኣብ ውድድር ባድሚንተን ለዩኡን መልጌታን ኣቤል ከርሸን ክውዳደሩ ከለዉ፡ ኣብ ጸወታ ቸስ ከኣ ሰሰና መሓሪን ዳኒኤል ደብሳይን ክሳተፉ ምዃኖም ተፈሊጡ ኣሎ።

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## ኮሎምብያ፡ ዕድጊ ኣጽዋር እስራኤል ኣወንዚፋ

መንግስቲ ኮሎምብያ፡ ካብ እስራኤል ክገዝኦ ዝጸንሐ ዕድጊ ኣጽዋር ንግዚኡ ደው ከምዝበለ፡ ፕረዚደንት እታ ሃገር ጉስታቮ ፔትሮ ሓቢሩ።

ፕረዚደንት ፔትሮ ኣብ ምሉእ ግዜ ዘይተሓስበ ብፍሉይ ኣገባብ ምምሕዳር ከምዘይምርጽዎ ተቓዊሙ ብተመሳሳሊ ዝኸደ ዝኸደ ፕረዚደንት ፔትሮ ዘዕሎ ዘሎ...



ብኣክስ ኣብ ዝዘርገሖ ጽሑፍ ኣሰፊሩ።

ፕረዚደንት ጉስታቮ ፔትሮ፡ ነቲ እስራኤል ኣብ ልዕሊ በርጌስ ፍልስጤማውያን ዝኸፈተቶ ተኹሲ ኣመልኪቱ፡ ንቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል ቤንያሚን ኔታንያሁ ብትሪ ወቒስዎ ኣሎ።

እንተኾነ፡ እስራኤል ወተሃደራታ ናይ መፈራርሒ ጥይት ከምዝተኮሱ እኳ እንተኣመነት፡ ብዙሓት ካብ'ቶም ዝሞቱ ፍልስጤማውያን ግን - ነቲ ረዲኤት ንምርካብ ብዘተፈጥረ ጸቕጥቕጥ ከምዝሞቱ እያ እትገልጽ።

ፕረዚደንት ፔትሮ፡ ነቲ ኣብ ዕድጊ ኣጽዋር ናይ ምውንዛፍ ስጉምቲ ከምዝወሰደ ዝገልጽ ዘሎ፡ እስራኤል ናብ ኮሎምብያ እትገብሮ ዝነበረት ሰደድ መሳለጥያታት ጸጥታ ከምዝቋረጸት ድሕሪ ምሕባራ እውን እዩ።

ፕረዚደንት ፔትሮ፡ ንወተሃደራዊ ስርሒት እስራኤል ኣብ ልዕሊ ቓዛ ምስ ተግባራት ስርዓት ናዚ ናይ ጀርመን ዘወዳደረ መልእኽቲ - ናብ መንግስቲ እስራኤል ምስ ለኣኸ እዩ፡ እስራኤል ነቲ ሰደድ ደው ከምዘበለቶ ዝሓበረት።

ንሓያሎ ዓመታት ቀንዲ መሻርኽቲ ኣመራጽን እስራኤልን ምንባራ ዝንገረላ ኮሎምብያ፡ ፕረዚደንት ፔትሮ ኣብ 2022 ከም መራሒ እታ ሃገር ኮይኑ ካብ ዝምረጽ ንደሓር፡ ምስ እስራኤልን ኣመራጽን ዝጸንሓ ዝምድናታት ከምዝዙሓለ እዩ ዝግለጽ።

## ኣብ ዛምብያ፡ 'ደርቂ' ከም ሃገራዊ ሓደጋ ተኣዊጁ

ኣብ ዛምብያ ክሊማዊ ለውጢን መድረኽ 'ኢል-ኒኖ'ን ዝጠንቁ ደርቂ ብምኽንያቱ፡ ፕረዚደንት'ታ ሃገር ሃካይንደ ሂቺለማ 'ሃገራዊ ሓደጋ' ከም ዝኣወጀ ተሓቢሩ።

ፕረዚደንት ሂቺለማ፡ ኣዋጅ ሓደጋ ደርቂ ከመሓላልፍ ዝተገደደሉ ምኽንያት፡ ብሰንኪ ዋሕዲ ዝናብ ጽላት ሕርሻ'ታ ሃገር ብኸቢድ ብምጽላው፡ ከም ሳዕቤን ድማ - ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ስድራቤታት ንቀጠባዊ ጸገማት ብምቅላዕን ምኽኑ፡ ጸብጻባት ይሕብሩ።

ኣብ ደቡባዊ ክፍሊ ኣፍሪቃ እትርከብ ሃገረ-ዛምብያ፡ ኣብ ሕርሻ ዝምርኩሱ ዜጋታታ ኣብ ወቕቲ ዝናብ ማይ ክረኽቡ ብዘይምኽኣሎም፡ ነቲ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብታ ሃገር ዜጋጠመ ሳዕቤናት/ስምብራት ደርቅን ዕልቕልቕን መሊሱ ከምዘብኣሶ ይግለጽ።

"እቲ ንዋሕ እዋን ዝጸንሐ ደርቂ ዘስዓቦ ፀንወት፡ ኣዝዩ ከቢድ እዩ" ዝበለ ፕረዚደንት ሂቺለማ፡ ካብ 116 ኣውራጃታት ናይ'ታ ሃገር - እተን 84 ብበርቲዕ ደርቂ ተጸልየን ከምዝለዋ ኣገንዚቡ።



ብለውጢ ክሊማን ተርእዮ ኩነታት ኣየር ኤል-ኒኖን ዝተጋደደ ደርቂ፡ ንሃገራዊ ውሕስነት መግቢ ከም ኡ'ውን ንቐረብ ማይን ጸዓትን ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ምኻኑ ፕረዚደንት ሂቺለማ ገሊጹ።

ዛምብያ፡ ንቀረብ ጸዓት ኣብ ሃይድሮኤሌክትሪካዊ ሓይሊ ከምእትምርኮስ እዩ ዝንገረላ።

"ስለ'ዚ ኢና፡ ዝያዳ ብድሆታት እዚኣቶም ኣብ ግምት ብምእታው - ደርቂ ከም ሃገራዊ ሓደጋ ንእውጅ ዘለና" ይብል እቲ ፕረዚደንት ኣብ መግለጺኡ።

እቲ ስጉምቲ፡ ነቲ ንኣዋርሕ ክጸንሕ ከምዝኽእል ተሰጊኡ ዘሎ ሓደጋ ደርቂ ኣብ ምምካት/ምቅላል ክሕግዝ ትጽቢት ይግበር።

ብሰንኪ ኣብ ወቕቲ ዝናብ 2023-2024 ብዘተኸስተ ኤል-ኒኖ፡ ዛምብያ - ሓደ ሚልዮን ሄክታር ዝዘዘርኣን ዝተተኽለን መሬት ከምዝኸሰረት ይግለጽ።

## ብራዚል - ተርእዮ ሕማም ረስኒ 'ደንግ' ወሲኹ



ኣብ ብራዚል፡ ጠቕላላ ቀጽሪ መልከፍቲ ረስኒ 'ደንግ' ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ክበጽሕ እንከሎ፡ ቀጽሪ ምውታት ድማ ናይ 214 ከምእተረጋገጸ ሚኒስትሪ ጥዕና'ታ ሃገር ኣብ ዘውጽኦ ጸብጻብ ኣመልኪቱ።

ብዘይካ'ዚ፡ ናይ ካልኦት 687 ዘይተረጋገጸ ቀጽሪ መውትቲ ኣብ ምጽራይ ከምዝርከብ እውን እቲ ሚኒስትሪ ገሊጹ።

ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን፡ ኣብታ ደቡብ ኣመሪካዊት ሃገር፡ መጠን ተርእዮ ሕማም ረስኒ ደንግ - ኣብ 100 ሽሕ ነበርቲ ልዕሊ 500 በቲ ሕማም ዝተለኽፉ ከምዝርከቡ እቲ ጸብጻብ ይሕብር።

ብራዚል፡ ኣብ'ዚ ዓመት እዚ ካብ'ቲ ኣብ 2023 ተመዝጊቡ ዝነበረ ብዕጽፊ ዝበዝሑ ሕሙማት ረስኒ ደንግ ኪጋጥማ ከምዝኽእል ሚኒስተር ጥዕና'ታ ሃገር ገሊጹ።

ብመሰረት ጸብጻብ ውድብ ጥዕና ዓለም፡ ካብ 2009 ጀሚሩ ዓለማዊ ተርእዮ ሕማም ረስኒ ደንግ ብዙሓዩለ መልክዑ እናበኣሰ ብምምጽኡ፡ ቅድሚ ሕጂ እቲ ሕማም ኣብ ዘይተራእየሉ ከባቢታት ዓለምና ተዘርጊሑ ይርከብ።

## ኣብ ባንግላድሽ፡ ብሓደጋ ባርዕ 45 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ርእሰከተማ ባንግላደሽ ኣብ ዝርከብ በዓል ሸዱሸተ ደርቢ ናይ ዕዳጋ ማእከል ብዘጋጠመ ሓደጋ ባርዕ ብውሑዱ 45 ሰባት ክሞቱ እንከለው ሓያሎ ካልኦት እውን ከምዝቖሰሉ፡ ሚኒስትሪ ጥዕና ናይታ ሃገር ሓቢሩ።

እቲ ባርዕ ኣብ ቀዳማይ ደርቢ ናይ'ቲ ጸዑቕ ንግዳዊ ንጥፈታት ዝካየደሉ ዕዳጋ ኣብ ዝርከብ ቤት-መግቢ ከምዝጀመረ፡ ብዙሓት ሰባት ብዝልሃልታ ናይቲ ሓዊ ኣብቲ ህንጻ ከምእተዓጽዉ ተገሊጹ።

ነቲ ባርዕ ንምጥፋእ ሓያሎ ኣሃዱታት መጥፋእቲ ሓዊ ከምእተዋፈሩ ዝገለጸ ዳይረክተር ኣገልግሎት መጥፋእቲ ሓዊን ሲቪላዊ ድሕነትን እታ ሃገር፡ ካብ'ቲ ባርዕ ዝደሓኑ ሰባት ናብ ሆስፒታላት ከምእተላእኩ ገሊጹ።


ዛጊት ካብ'ቲ ጠንቂ ዘይተፈለጠ ሓደጋ፡ 42 ሃለዋቶም ዘጥፍኡ ሰባት ዝርከብዎም 75 ሰባት ከምዝደሓኑ ተሓቢሩ።



## "ልዕሊ ሓደ ቢልዮን ህዝቢ ዓለም ብምኽሳዕ ይሳቐ " መጽናዕቲ

ኣብ ዓለም፡ ልዕሊ ሓደ ቢልዮን ሰባት ብልዕሊ ንቡር ሚዛን ሰብነት - ማለት ብምኽሳዕ ከምዝሳቐዩ ላንሴት ዝተባህለት መጽሄት ጥዕና ኣብ ዘውጽኣቶ ሓድሽ መጽናዕታዊ ጸብጻብ ገሊጹ።

ድኻታት ሃገራት ብዝያዳ በቲ ተርእዮ ከምዝጥቅዓ ዝገለጸ እቲ ምስ ውድብ ጥዕና ዓለም ብምትሕብባር ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ምኽሳዕ ኣብ ህጻናትን መንእሰያትን ዝያዳ ይብኣስ ምህላዉ የመልክት።



ኣብ 1990፡ ኣብ ዓለም ኣስታት 226 ሚልዮን ኣብ ኩሉ ክሊ ዕድመ ዝርከቡ ሰባት ብምኽሳዕ ተጠቒዖም ከምዝነበሩ ዘረድእ - እዚ ቅድሚ ዓለማዊ መዓልቲ ምኽሳዕ ተዘርጊሑ ዘሎ መጽናዕቲ፡ እቲ ኣሃዝ ኣብ 2022 ብኣርባዕተ ዕጽፊ ከምዝወሰኸ እዩ ዘገንዘበ።

እቲ ተመዝጊቡ ዘሎ ወሰኽ፡ ካብ'ቲ ተገሚቱ ዝጸንሐ ዓመታት ኣዝዩ ኣቐዲሙ ከምእተኸስተ እቲ መጽናዕቲ ወሲኹ የረድእ።

ልዕሊ ዓቐን ሚዛን ሰብነት (ምኽሳዕ) - ጠንቂ ሕማም ልቢ፡ ሕማም ሽኮርን መንሽሮን ዝኣመሰሉ ከበድቲ ጸገማት ጥዕና ክኸውን ይኽእል።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ሰንተራል | 02/03/2024 | ጎደና ናቕፋ ቁ.18-20፡ሬት ከረን ሆቴል | 120730 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565